# ኢንድ ወጋሕታ

4ይ ዓመት ቑፅሪ 05 4 ታሕሳስ 2016 ዓ.ም

ሓሙስ

ብር 10.00




## ‹‹ዝተዳኸመት ኢትዮጵያ ንምፍጣር ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ዝኽፈት ወፍሪ ፀለመ ንሰራዊት ካብ ዕላምኡ ኣየደናጉዮን››

- ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ

**ሄርሞን ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ዝተዳኸመት ኢትዮጵያ ምፍጣር ዝደልዩ ኣካላት ኣብ ልዕሊ እቲ ሰራዊት ዝኸፍትዎ ወፍሪ ሸም ምጥፋእ ነቲ ሰራዊት ካብ ዕላምኡ ከም ዘየደናግዮ ኢታማገዮር ሹም ሰራዊት ምክልኻል ፌዴራሊ ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ ገሊፆም።

ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ ምስ ግልጋሎት ዜና ኢትዮጵያ ኣብ ዝገበርዎ ቃለ መሕትት ከም ዝገለፅዎ፤ ኣብዚ ሐዚ እዋን ሓደ ሓደ ሓይልታት ናይዚ ሰራዊት ሸም ንምፅላምን ካብ ዕላምኡ ንኽደናጎይን ወፍሪ ሸም ምጥፋእ ኸፊቶም ኣለዉ።

እቶም ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ወፍሪ ሸም ምጥፋእ ዝኸፈቱ ዋላ ሓንቲ ሕቶ ዘይብሎም ዕሱባት ባንዳታት 'ዮም ዝበሉ እቶም ፊልድ ማርሻል፤ እዚ ሰራዊት ናይ ኢትዮጵያ ሰራዊት ብምዃኑ እዛ ሃገር ዓቕሚ ምክልኻላ ንኽዳኸምን ክሽርሽር ብምግባርን ንመጥቃዕቲ ዝተጋለፀት ሃገር ንኽትፍጠር

‹‹ዝተዳኸመት...ናብ ገፅ 6

## ተቋሪፁ ዝፀንሐ ፕሮጀክት መስተ ማይ ገረብሰገን ኣብቐረባ እዋን ስርሑ ክጅምር 'ዩ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ተቋሪፁ ዝፀንሐ ፕሮጀክት ዝርግሐ መስተ ማይ ከተማ መቐለ ገረብሰገን ቁፅሪ ክልተ ኣብ ቀረባ እዋን ስርሑ ከምዝጅምር ሓላፊ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይ ኣይተ ሞጎስ ገብረእግዚኣብሄር ሓቢሮም። ሚንስቴር ማይን ኢነርጅን ፀገም ዝስተ ማይ ንምፍታሕ ዝገብሮ ዘሎ ሓገዝ 'ውን ንኢዶም።

ኣይተ ሞጎስ ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፅዎ፤ ፕሮጀክት ገረብሰገን ቁፅሪ ክልተ ብናይ ኣፍሪካ ልምዓት ባንኪ ፈንድ ዝስራሕ ዝነበረ፤ ኣብ ከይዲ ስራሕ ኩናት ኣርኪብዎ ደው ኢሉ ዝነበረ ኮይኑ ሐዚ እቲ ዝነበረ ውዕሊ ተሓዲሱ ኣብ ቀረባ ናብ ስራሕ ክኣትው 'ዩ።

እዚ ፕሮጀክት ናብ ስራሕ ንምምላስ ቅድሚ ወርሒ ኣቢሉ ሓላፊ ግልጋሎት ማይን ኢነርጅን ምኽትል ከንቲባ ከተማ መቐለን ከምኡ 'ውን ቢሮ ሓላፊ ማይ ኢነርጅን ኣብ

ተቋሪፁ ዝፀንሐ...ናብ ገፅ 6



## ‹‹ሕቶ በሪ ባሕሪ ምስ ህላወ ህዝቢ እምበር ምስ ፖለቲካ ዝተሓሕዝ ጉዳይ የብሉን››

-ሌተናል ጀነራል ዮሃንስ ገ/መስቀል

ገፅ 2

## ብምፍጣርን ብምቕልጣፍን ንዘላቒ ልምዓት ምስራሕ ከምዝግባእ ኣፈ-ጉባኤ ታገሰ ጫፎ ኣተሓሳሲቦም

### •ኤክስፖ ኣቪዬሽን ኢኖቬሽን 2016 ተኸፊቱ

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ብምፍጣርን ብምቕልጣፍን ቕልጡፍ ዕብየት ሃገርና ብምርግጋፅ ዘላቒ ልምዓት ንኽህልው ምስራሕ የድሊ ክብሉ ኣፈ-ጉባኤ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣይተ ታገሰ ጫፎ ገሊፆም። ኤክስፖ ኣቪዬሽን ኢኖቬሽን 2016 ብቅድሚ ትማሊ ኣብ ሳይንስ ሙዝየም ተኸፊቱ።

ኣፈ-ጉባኤ ታገሰ ጫፎ "ምህዞ ንልህቀት ኣቪዬሽን" ብዝብል ቴማ ኣብ ሳይንስ ሙዝየም ዝተዳለወ ኤክስፖ ኣቪዬሽን ኢኖቬሽን 2016 ብቅድሚ ትማሊ እንትኸፍቱ፤ ስራሕቲ ምህዞን ምርምርን ተግባራዊ ብምግባር ንሃገራዊ ልምዓትን ዕብየትን ከም መሳልል ገይርካ ብምጥቃም ብልፅግና ምርግጋፅ የድሊ።

ኣብ ኢትዮጵያ ብልፅግና መፃኢ እዋን ንምርግጋፅ ውፅኢታት ቴክኖሎጂ እዚ ዘመን ምዕጣቕ የድሊ ዝበሉ እቶም ኣፈ-ጉባኤ፤ ብምፍጣርን ብምቕልጣፍን ቕልጡፍ ዕብየት ሃገርና ብምርግጋፅ

ብምፍጣርን...ናብ ገፅ 6



ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ድሕሪ ለውጢ ብዙሕ ምምሕያሻት ተገይሮሉ ተልእኹ ብብቕዓት እናተዋፀአ ይርከብ

ገፅ 4

"ብቡንቧ ዝሰርሓ ዝነበራ ዝዓነዋ ኩለን ማያት ሉሚ ዓመት ሚእቲ ብሚእቲ ፀጊንና ናብ ስራሕ ክነእትው ኢና ዝብል ትልሚ ኣለና"

-ኣይተ ሞጎስ ገብረእግዚኣብሄር፣ሓላፊ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይ

ገፅ 5

ወጋሕታ **ዜና**

# ንዕውትነት ዳግመ ምጥያሽ ነበር ተዋጋእቲ ኩሉም መዳርግቲ ኣካላት ክሳተፉ ኣለዎም

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ስራሕ ዳግመ ምጥያሽ ነበር ተዋጋእቲ ንኽዕወት ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት ክሳተፉ ከምዘለዎም ኮሚሽን ብሄራዊ ተሃድሶ ገሊፁ።

ነበር ተዋጋእቲ ዳግማይ ኣብ ምጥያሽን ዲሞቢላይዜሽንን ዙርያ ፖለቲካ ፓርትታት ዝህልዎም ግደ ኣብ ዝምልከት ዘተኮረ ብቅድሚ ትማሊ ዘተ ተሳሊጡ።

ኣብቲ ዘተ ኮሚሽነር ሃገራዊ ኮሚሽን ተሃድሶ ኣምባሳደር ተሾመ ቶጋ መንግስቲ ነበር ተዋጋእቲ መሊሱ ንምጥያሽ ዝሕግዝ ትካል ኣጣይሹ ይሰርሕ ከምዘሎ ብምዝኽኻር፤ እዚ መደብ ክዕወት ዝኽእል ናይ ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት ተሳትፎ ክህልው ከሎ ከምዝኾነ ኣመልኪቶም።እቲ ኮሚሽን ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት ዘተ ከካይድ ከምዝፀንሐ ብምዝኽኻር፤ ምስ ክልላዊ መንግስታት፣ ትካላት ሲቪል ማሕበራት፣ ኣካላት ሚድያ፣ ውልቀ ሴክተር፣ ምስ ዝተፈላለዩ መንግስታዊ ትካላትን መሻርኽቲ ልምዓትን ዘተ ከምዝተገበረ ሓቢሮም።

ውድባት ፖለቲካ ኣብ ጉዳይ ሃገር ሓደ መዳርግቲ ኣካላት ምዃኖም ዝተዛረቡ እቶም ኣምባሳደር፤ እቶም ውድባት ፖለቲካ ተጋደልቲ ነበር መሊስካ ናይ ምምስራት ስራሕ ዘለዎ ኣገዳስነትን ረብሓን ተረዲኦም ንኣባላቶም ብምርዳእ ኣብ ህንፀት ሰላም እጃሞም ክገብሩ ከምዝግባእ ገሊፆም።

ፖለቲካዊ ውድባት ብቐንዱ ሰላም ንምርግጋፅን ኩናት ደው ንምባልን ናይ ምጉስጓስ ስራሕ ክሰርሓ ከምዝድለ ዝገለፁ ኣምባሳደር ተሾመ፤ ውድባት ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ እንተሃለወን 'ውን ካብ ናይ ገዛእ ርእሶም ኣባላት ብዘተ ፀገማት ናይ ምፍታሕ ባህሊ ንምምዕባል እንተሰሪሐን ነቲ ኮሚሽን ዓቢዩ ኣበርክቶ ከምዝኾነ ኣረዲኦም።

እቶም ተጋደልቲ ነበር መሊስካ ንምጥያሽ ከም ዝደልዩ ብምግላፅ፤ ስራሕቲ ምዕራፍ ምድላው በቲ ዝድለ ፍጥነት ከይስጉም ዝኽልክሉ ኣፀጋሚ ኩነታት ከምዘለው 'ውን ብምግላፅ፤ ሓደ ካብቲ ብድሆታት ነዚ ፕሮጀክት ዘድሊ ልዑል ደረጃ ፋይናንስ ምዃኑ ኣመልኪቶም።

እቲ ምዕራፍ ምድላው ብዝተፈላለየ መዐቀኒታት እንትዕቀን ደንጉዩ ከምዘይነበረ ዝገለፁ ኣምባሳደር ተሾመ፤ እቲ ኮሚሽን ነቲ ስራሕ ኣብ ዝሓፀረ ግዜ ክሰርሖ ስለ ዝደሊ፤ በቲ ትፅቢት ዝግበረሉ ፍጥነት ክኸይድ ዘይምኽኣሉ ከም ብድሆ ከም ዝረአ ኣረዲኦም።

ነቲ ፕሮጀክት ዝድለ ገንዘብ ኣብ ዝቕፅል በጀት ዓመት ፈረንጂ 2024 ካብ መሻርኽቲ ኣካላት ክረክብ ትፅቢት ከምዝግበር ብምምልካት፤ እቲ ኮሚሽን ከምቲ ኣቐዲሙ ንኩሎም መሻርኽቲ ዘቕረቦ ፃውዒት ገንዘባዊ ደገፍ ብኡ መሰረት ምሃብ ከምዝጀመሩ ኣመልኪቶም።

ዋና ፀሓፊት ሓባራዊ ቤት ምኽሪ ፖለቲካዊ ውድባት ወይዘሮ ደስታ ጥላሁን ብወገነን ከምዝገለፅኦ፤ እቲ ሓባራዊ ቤት ምኽሪ ዕጡቓት ጉጅለታት ዕጥቆም ንኽፈትሑን ናብ ዘተ ንኽመፁን ናይ ምጉስጓስ ስራሕ ክሰርሕ 'ዩ።

እቲ ኾምሽን ከም ኣቆፃፅራ ፈረንጂ ኣብ መጀመርታ ዓመት 2024 ካብ ክልል ትግራይ 50 ሽሕ ዝኾኑ ነበር ተዋጋእቲ ዳግም ንምጥያሽ ይሰርሕ ከምዘሎ ኣብቲ መድረኽ ተገሊፁ።



ኣምባሳደር ተሾመ ቶጋ

# ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ዘተኣማምኑ ብቑዓት ሰብ ሞያ እናፍረየ ይርከብ

**ሄርሞን ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡-ንሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ዘተኣማምኑ ብሉፅ ብቕዓት ሞያ ዘለዎም ኣብረርትን ቴክኒሻናትን እናፍረና ስለዝኾና ኹሉ ግዘ ክብርን ኩርዓትን ይስምዐና ክብሉ ኣመራሓን መምህራንን ኣካዳሚ ሓይሊ ኣየር ገሊፆም።

ኣካዳሚ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ መስፈርቲ ብቕዓት ዘማልኡን ናይዚ ዘበን ቴክኖሎጂ ዝጠልቡን ኣብረርትን ቴክኒሽያናትን እናፍረየ ከም ዝኾነ 'ውን ተዛሪቦም።

ካብ ዝምስረት 88 ዓማውቲ ዘቑፀረ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ድሕሪ ሃገራዊ ለውጢ መንግስቲ ንትካላት ፀጥታ ብዝሃቦ ፍሉይ ትኹረት ፖሊሲን በጀትን ጭቡጣት ለውጥታት ኣካይዱ 'ዩ።

ንኣብነት ኣብ ህንፀት ዘፈር ሃፍቲ ሰብ ሓይሊ ኣየር ብዘተኣማምን ኹነታት ዝሕልዉን ዘበናዊ ቴክኖሎጂ ብብቕዓት ዝመርሑ ኣብረርትን ሰብ ሞያ ፅገናን እናሰልጠነ ይርከብ።

ኣካዳሚ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ዲን ኣካዳሚ ኮሎኔል ለማ ማሞ፤ኣካዳሚ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ስሙያት ኣብረርትን ቴክኒሽያናትን ብምፍራይ ዓንዲ ሑቕ ህንፀት ሰብ ሃፍቲ ሓይሊ ኣየር ብምዃን እናሰርሐ ከም ዝርከብ ገሊፆም።

ድሕሪ ለውጢ ዓቕሚ ህንፀት ሓይሊ ሰብን ብሞያ ብምህናፅ ተልእኹኡ ብዝበለፀ ብቕዓት እናተዋፀአ ከም ዝርከብ ጠቒሶም።




እቲ ሓይሊ ኣየር ኣየሩ ብዘተኣማምን ኹነታትት ንኽሕሉ ኣብረርትን ቴክኒሽያናትን ናይዚ ዘበን ቴክኖሎጂ ዝጠልቡ ንክኾኑ ቀትርን ለይትን እናሰልጠነ ከም ዝርከብ ተዛሪቦም።

ልዕሊ ምሕላው ልኣላውነት ኢትዮጵያ ዘኹርዕ ነገር የለን ዝበሉ ኮሎኔል ለማ፤እቲ ሓይሊ ኣየር ንክሊ ኣየር ኢትዮጵያ ዘተኣማምን ሓፁር ከም ዝኾነ ገሊፆም።

ማስተር ቴክኒሽያን ግርማ ንግልጋሎት ዜና ኢትዮጵያ ከም ዝበልዎ፤ኣባል ሓይሊ ኣየር ምዃን ኹርዓትን ክብርን ከም ዝኾነ ተዛሪቦም።

ብፍላይ ድማ ትኹረት ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ዝኾነ ህንፀት ሓይሊ ኣየር ኣብ ምህናፅ ምስምራይ፤ስሙያት ኣብረርቲን ቴክኒሽያናትን ምፍራይ ልዕሊ ኹሉ ከም ዘሐጉስ ተዛሪቦም።

ኢትዮጵያን ኣነን እንነብር ሓይሊ ኣይር እንትህሉ 'ዩ ዝበሉ ማስተር ቴክኒሽያን ግርማ፤ንቐፃሊ ድማ ብቑዓት ኣብረርትን ተክኒሽያናትን ንምፍራይ ከም ዝሰርሑ ኣረጋጊፆም።

ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ዓንዲ ሑቕ ድሕንነት ሃገርን ህዝብን ከም ዝኾነ ብምጥቃስ፤ካብ ውሽጥን ካብ ደገን ዝመፅዎ ፀላእቲ ብዘተኣማምን ኹነታት ብምምካት ሃገር ምስ ክብራ ክትቕፅል ከም ዝገበረ ተዛሪቦም።

ነዚ ድማ ግደ ቴክኒሽያናትን ኣብረርትን ዝያዳ ከም ዝኾነ ብምግላፅ፤ ብፍላይ ኣውሮፕላን ብምፅጋን ሃገር እተውፅኦ ሽርፊ ወፃኢ ዘድሕኑ መናእሰይ ሰብ ሞያ ብምፍራይ ተወዳዳሪ የብሉን ኢሎም።

ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኣብ 2004 ዓ.ም ብምፅንባር ሐዚ ኣብ ኣካዳሚ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ሓላፊ ክፍሊ ኣቬሽን ኤሌክትሮኒክስ ዝኾኑ ሓለቓ ሚኢቲ ረቢራ እንድሪስ፤ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ድሕሪ ለውጢ ዘበናዊ ቴክኖጂ ተማሊእሉ እናሰርሐ ከም ዝርከብ ገሊፆም።

ስርዓተ ትምህርቲ እቲ ስልጠና ዓለምለኸ ብርኪ ብዝሓለወ መልክዑ ተዳሊዉ ናብ ስራሕ ከምዝኣተወ ብምግላፅ፤ናይ ስልጠና ኣውሮፕላናትን ኻልኦት መሳርሕታትን ዘበናውያን 'ዮም ኢሎም።

ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ሓላዊ ክሊ ኣየር እዛ ሃገር ምዃኑ ብምግንዛብ ተፀሚሩ ሃገሩ ንኸገልግል ድማ ፃውዒት ኣቕሪቦም።

ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ መጠቓለሊ ምድላው መበል 88 ምስረታ በዓሉ ታሕሳስ 6/2016 ዓ/ም ብዝተፈላለዩ ምድላዋት ከኽብር 'ዩ።

# ‹‹ሕቶ በሪ ባሕሪ ምስ ህላወ ህዝቢ እምበር ምስ ፖለቲካ ዘተሓሕዝ ጉዳይ የብሉን››

## -ሌተናል ጀነራል ዮሃንስ ገ/መስቀል

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኢትዮጵያ እተቅርቦ ዘላ ሕቶ በሪ ባሕሪ ምስ ህላወ ህዝቢ እምበር ምስ ፖለቲካ ዘተሓሕዝ ጉዳይ የብሉን ክብሉ ሌተናል ጀነራል ዮሃንስ ገ/መስቀል ገሊፆም።

ሌተናል ጀነራል ዮሃንስ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብዝነበሮም ፃኒሕት ከምዝገለፅዎ፤ መንግስቲ ሕቶ በሪ ባሕሪ ናይ ህልውና ህዝቢ ምዃኑ ተረዲኡ ኣብዚ ሰዓት እዚ ክለዓል ምፍቃዱ ኣግባብነት ኣለዎ። ውሽጢ ንውሽጢ ክብላዕላዕ ዝፀንሐ ጉዳይ 'ዩ።

ብፍላይ ጠለብ ኢኮኖሚ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብናህሪ እናዓበየ ምስዝኸይድ ዘሎ ቑፅሪ ተተሓሒዙ ተዳፊኑ ዝቀሪ ኣይኮነን። እዚ ናይ ኢኮኖሚ ወይ ህልውና ጉዳይ እምበር ፈፂሙ ምስ ፖለቲካ ዘተሓሕዝ የብሉን፤ ኮይኑ ግና ሓደ ሓደ ኣካላት ምስ ፖለቲካ ከተሓሕዝዎ ንርኢ ኢና። ብምዃኑ ፖለቲካዊ ትርጉም ምሃብ ሓላፍነት ዝጎደሎ ኣካይዳ 'ዩ። ናይ ህልውና ጉዳይ ስለዝኾነ ፍታሕ እንድሕር ዘይረኺቡ ሓንሳብ ተላዒሉ ዝተርፍ ኣይኮነን።

እዚ ተተሓሒዝካን ተደጋጊፍካን ንምዕባይ እምበር ናብ ጎንፂ ዘምርሕ 'ውን የብሉን። ኢትዮጵያ ኣግባብነት ዘለዎ ሕቶ እያ ትሓትት ዘላ። እዚ ድማ ብኣወንታ ክረአ ዘለዎ ጉዳይ 'ዩ ክብሉ ተዛሪቦም።

ኢትዮጵያ ኣብ ኣፍ በሪ ባሕሪ ኮይና በሪ ባሕሪ ከትስእን የብላን ዝበሉ ሌተናል ጀነራል ዮሃንስ፤ እዚ ሕቶ እዚ ምስ ህላወ ህዝቢ ዝተሓሓዝ ስለ ዝኾነ ሓንሳብ ተላዒሉ ዝተርፍ ኣይኮነን። ብፍላይ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ቑፅሩ



እናወሰኸ ይኸይድ ስለ ዘሎ ፍታሕ ክረከብ ክኽእል ኣለዎ።

ብዘይ በሪ ባሕሪ ክነብር ኣይኽእልን፤ በቢ ዓመቱ ጠለብ ኢኮኖሚ እናዓበየ ይኸይድ ስለ ዘሎ ብዘይ በሪ ባሕሪ ንበር ከትብሎ ኣይትኽእልን። ኢትዮጵያ ንደገ እትሰዶምን እተአትዎምን ሽቐጣት ካብግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ 'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ስለዚ ጉዳይ ቐይሕ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ኣዝዩ ወሳኒ 'ዩ ክብሉ ወሲኾም ገሊፆም።

እዚ ምስ ናይ ካልኦት ሃገራት ልኣላውነት ዝዳፋእ ኣይኮነን፤ እኳደኣስ ኢትዮጵያ ተጠቓሚት በሪ ባሕሪ እንተኾይና ምስተን ጎረቤት ሃገራት ተደጋጊፍካ ንምዕባይ ዝሕግዝ 'ዩ። ተደጋጊፍካ እምበር በይንኻ ምዕባይ ዝከኣል ኣይኮነን፤ ነዚ 'ውን 'ዩ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘድልዮኩም ካባና ውሰዱ በሪ ባሕሪ ድማ ብሓባር ንጠቐም፤ ተደጋጊፍና ንዕበ ዝብል ዘሎ ክብሉ ሌተናል ጀነራል ዮሃንስ ገሊፆም።

# ምጥንኻር ሃገራዊ ሓድነት ሕሪያ ዘይኮነስ ጉዳይ ህልውና 'ዩ

**ሄርሞን ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ፀጋታት ሓድነትን ማዕርነትን ብምጥንኻር ሃገራዊ ሓድነትና ዝያዳ ምጉልባት ሕሪያ ዘይኮነስ ጉዳይ ህልውና 'ዩ ክብል ግልጋሎት ኮሚኒኬሽን መንግስቲ ገሊፁ።

ግልጋሎት ኮሚኒኬሽን መንግስቲ ኣብ ናይ ሎሚ ዘበን መዓልቲ ብሄር፣ብሄረሰባትን ህዝብታትን በዓል ኣመልኪቱ ኣብ ዘሕለፎ ናይ እንኳዕ ኣብፀሐኩም መልእኽቲ፤ ሎሚ ዘበን ነዚ በዓል እንትነኽብር፤ ሃገራዊ ሓድነትና ዝያዳ ምጥንኻር ሕሪያ ዘይኮነስ ጉዳይ ህልውናና 'ዩ።

ኢትዮጵያና በዓልቲ ብዙሕ መልክዕ 'ያ። ሃገርና ብዙሕነት ዘድመቓ፤ ሕብረት ዘጠናኸራ ሕብረ ብሄራዊት ሃገር 'ያ ዝብል እቲ መግለፂ፤ ብዙሕነትና መግለፂና፤ ሓድነትና ድማ መሰረት ጥንካረና 'ዩ።

በብእዋኑ ዝገጠሙና ሃገራዊ ፈተናታት ብሓድነት ክንሰግር ምኽኣልና ናይቲ ጥንካረ እኹል መረዳእታ ከም ዝኾነ ገሊፁ።

ከም ኣገላልፃ እቲ መልእኽቲ፤ እዚ መሰረት ጥንካረና ዝኾነ ሓድነትና ዘተኣማምንን ዘላቕን ንክኸውን ማዕርነትን ፍትሓውነትን፤ መሰረተ ህንፀት ሃገረ መንግስቲ ክኾኑ ይግበኦም።

ኢትዮጵያ ብኹሉ ዓውዲ ሰዓሪት ክትኸውን፤ ምብትታን ገዲፍና ምትእኽኻብ፣ ምድፍፋእ ገዲፍና ምክብባርን ማዕርነትን፣ ጎንፅታት ብምትራፍ ንልዕልነት ሓሳብ ቐዳምነት ብምሃብ ሓድነትና ኣብ ጥንኩር መሰረት ምህናፅ ንሕሪያ ዝቐርብ ኣይኮነን።

ሕድሕድ ኢትዮጵያዊ ንሃገሩ ማዕረ በዓል ቤት 'ዩ። ማዕረ ሓላፍነት ኣለዎ። ብሕገመንግስቲ ፌዴሪኢ ዝተደንገጉ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ኢኮኖሚያዊን ማዕርነታዊ መምርሕታት፣ ኹላትና ማዕረ ወነንትን ማዕረ ሓላፍነት ዝገብሩ ከምዝኾኑ እቲ መግለፂ ኣገንዚቡ። ኣፍቲ ሕገ መንግስቲ ዝተቐመጡ መምርሕታት ማዕርነት ጋህዲ ንምግባር፤ መንግስቲ ሕቶ ህዝቢ ንምምላስ ዘኽእሉ ስራሕቲ እናሰርሐ ከምዝርከብ 'ውን ኣመላኺቱ።

ሕብረ ብሄራዊ ሓድነትና ዝያዳ ንክጠናኸር መምርሕታት ማዕርነት ዝያዳ ክትግበሩ፣ ነፀልትን ከፋፈልትን ትረኻታት ብዓብዪኡ ክቐርዩ ካብ ነፀላ ታሪኻት ተናጊፍና ብሄራዊ ታሪኽ ምድማቕ የድልይ።

ንህንፀት ዘላቒ ሃገራዊ ሰላም እንገብሮ ሓበራዊ ርብርብ ድማ ብሰፊሑ ኽቕፅል ምግባርን፤ ኣብ መምርሒ ማዕርነት ዝተደረኸ ሕብረ ብሄራዊ ሓድነት ኣዝዩ ክጠናኸር ይግባእ ዝበለ እቲ መግለፂ፤ ንዘጋጥሙ ፀገማት ሓድነትና ብዘጠናኸር ኣግባብ ብዘተን ዝርርብን እናፈታሕና ምኻድ ሕሪያ ዘይብሉ መገዲ ክኸውን ከም ዘለዎ ኣፍሊጦም።

ኣብ ውሽጢ ፈተና ኾይንና 'ውን ዓወት እናመዝገብና፣ ሃገር እናሃነፅናን፣ ወለዶ እናሳገርና፣ ብምትሕብባር፣ ብምክብባርን ብምትእምማንን ዝተመስረተ ሃገራዊ ሓድነትና ክነቕፅል ኢና ክብል እቲ መግለፂ ኣመላኺቱ።

መዓልቲ ብሄር ብሄረሰባት ‹‹ብዙሕነትን ማዕርነት ንሃገራዊ ሓድነት›› ብዝብል መሪሕ ቃል ብብርኪ ሃገር ንመበል 18 ግዘ ኣብ ከተማ ጅግጅጋ ተኸቢሩ።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ቁመና ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ድሕሪ ለውጢ

ዝኾነት ሃገር ልኡላውነታ ክትሕሉ ሰራዊት ምክልኻል ክህልዋ ናይ ግድን ምዃኑ ዘጠያይቕ ኣይኮነን። ብዘይ ሰራዊት ምክልኻል ሰላምን ድሕንነትን ህዝቢ ሓንቲ ሃገር ምርግጋፅ ዝከኣል ኣይኮነን። ኢትዮጵያ ድማ ከም ሃገር ካብ ጥንቲ ጀሚራ ብጠንካራ ሰራዊት ምክልኻል ትፍለጥ ሃገር 'ያ። ሰራዊት ምክልኻል ሃገርና ብዙሕ ዓይነት እኳ እንተኾነ ካብዚ እቲ ሓደ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ 'ዩ።

ከም ዝፍለጥ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ፣ ኣብ ጥቓ ከተማ ቢሸፍቱ ብናይ ቀደም ኣፃዋውዓ ከታ ሜዳ ኣብዚ ሕዚ እዋን «ሃረር ሜዳ» ተባሂሉ ኣብ ዝፍለጥ ከባቢ ከምዝተመስረተ ሓበሬታታት ይሕብሩ። ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ድሕሪ ለውጢ መንግስቲ ብዝገበረሉ ጠመተ ብዘተኣማምን ብርኪ ክዓቢ ክኢሉ 'ዩ።

ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ዘተኣማምንን ውሑስ ብርኪ በፂሑን ኣሎ። እቲ ትካል ድሕሪ ለውጢ ዘለዎ ብርኪ ኣዝዩ ተማሒይሹ 'ዩ። ብኣቬሽንን ብኣየር ምክልኻልን ዘመን ዝበፅሖ ቴክኖሎጂ ዝጥቀምን ብብቑዓት ሰብ ሞያ ዝተጣየሸ ክኾን ክኢሉ 'ዩ። ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ብሓይሊ ሰብን ዘመናዊ ቴክኖሎጅን ከምኡ 'ውን ብዕጥቒ ኣዝዩ ዝደልደለ ኮይኑ ይርከብ።

እዚ ሓይሊ ኣየር ክሊ ኣየር ኢትዮጵያ ኣብ ምሕላው ዘተኣማምን ኮይኑ ተሃኒፁ 'ዩ። ዘመናውን ዘተኣማምንን ኮይኑ ንኣፋፃፅማ ግዳጅ ኣድማዕነት ምስ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ሓቢሩ ዝስጉም ሓይሊ ሰብ ምህናፁ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ገሊፁ 'ዩ። ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ልኣላውነት ሃገር ብዘተኣማምን መልክዑ ብምህናፁ ተልእኹ ብብቕዓት ክዋፃእ ይገብሮ።

እዚ ትካል እዚ ልምዲ ብዘኻዕበተ ሓይሊ ሰብ ምህናፁ ሓደ ካብቶም ድልዱል ክኾን ዝገበሮ ጉዳይ 'ዩ። ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ናይታ ሃገር ሰማይ ካብ ምቑፅፃር ሓሊፉ ተልእኾታት ብዝለዓለ ፍጥነትን ውፅኢትን ዘሳኽእ ኩርዓትን ሓበንን ሃገር ኮይኑ ኣሎ።

ከም ዝፍለጥ ኢትዮጵያ ዓባይ ሃገር ዋላ እንተኾነት ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ቅድሚ ለውጢ ንኢትዮጵያ ብዝምጥን መልክዑ ኣይተሃነፀን ነይሩ። ብዘተኣማምን መልክዑ ዝተሃነፀ ድሕሪ ለውጢ ኮይኑ ኣዝዩ ልዑል ቴክኖሎጂ ዝተላበሰ ኮይኑ 'ዩ ተሃኒፁ 'ዩ። ከምዚ ክኾን ዝኸኣለ ድማ ሃገርና ልኡላውነታ ክትሕሉ፣ ሰላምን ድሕንነትን ህዝባ ንምርግጋፅ ዘመናዊ ምክልኻል ሃገር ምህናፅ ወሳኒ ስለ ዝኾነ 'ዩ። ኣብዚ ዓውዲ እዚ ብዝግባእ ስለዝተሰርሐሉ ብግልፂ ይኹን ብሕቡእ ሃገር ናብ ከቢድ ሓደጋ ንኸይትቓላዕ ይገብር።

ሃገራት ብሉፅነት ቴክኖሎጂ ንኢንዱስትሪ ምክልኻል ብዓቢይኡ እናተጠቐማ ኣብዘለዋሉ እዋን ኢትዮጵያ ነዚ ዘፈር እዚ ልዑል ቖላሕታ ምሃባ ግቡእ 'ዩ። ሃገራት ዓቕመን ብዝፈቐዶ ምክልኻል ሰራዊተን ከዝምና እንተዘይክኢለን ህልውና ሃገርን ድሕነት ህዝበን ኣብ ከቢድ ሓደጋ ክወድቕ ይኽእል 'ዩ።

ነዚ ሓቂ'ዚ ብግቡእ ዝተረድአ እዚ ናይ ለውጢ መንግስቲ ናብ ስልጣን ካብ ዝመፀሉ እዋን ጀሚሩ ሓፈሻዊ ዓቕሚ ሓይልታት ሰራዊት ምክልኻል ንምዕባይ ብዙሕ ንጥፈታት ከካይድ ፀኒሑ 'ዩ። ብምኽንያቱ እቲ ተሃኒፁ ዘሎ ሓይሊ ኣየር ተልእኾ ናይ ምፍፃም ዓቕሙ ብዓቢኡይኡ ወሲኹ 'ዩ።

ብሓፈሻ ኣብ ዞርያ ሓይሊ ኣየር ዝግበሩ ዘለዉ ስራሕቲ ሪፎርምን ዝምዝገቡ ዘለዉ ብሉፃት ውፅኢትን ኣብዚ ጠቒስካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ብሓፂሩ ኢትዮጵያ ብዘተኣማምን ብርኪ ልኣላዉነታ ንምሕላው ዘኽእላ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ብምህናፃ ብኣፍሪካ ደረጃ ብጠንከራነቱ ዝጥቀስ ኮይኑ ኣሎ። ምኽንያቱ ኣብዝኾነ እዋን ሃገራዊ ተልእኹ ብብቕዓት ከሳኽዕ ዝኽእል ኮይኑ ስለዝተሃነፀ።


## ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል :- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ
**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማፅረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቐበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ። ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ ኣይኮኑን።

## ‹‹መገዲ ጥዕናኻስ ዓመት ኪዳ››

**ሄርሞን ፍቃዱ**

ወለድና ካብ መንጎ ዝገደፉልና ዓበይቲ ህያባት ሓደ ዓበይቲ ትርጉም ዝህቡ ሓፀርቲ ምስላታት ተጠቀስቲ 'ዮም። መሲልኪ እንታይ ኣምፂእኺ እንተይልኩምኒ፤ ንሎሚ ብዛዕባ ምስላ ዘይኮነስ ኣድላይነት ጥዕናን ሰላምን ንምሕባር ደልየ 'የ። ጥዕና ኹለመዳያዊ ከም ዝኾነ ዝፍለጥ 'ዩ፤ እቲ ዋና መግለፂ ጥዕና ድማ ሰላም እትበሃል መቕሰኒት ኹሉ ምስ እትህሉ ዝርከብ ሙሉእ ጥዕና 'ዩ።

ከምቲ እንዝክሮ ህዝቢ ትግራይ ዘሕለፎ ኸቢድ እዋን ዝርሳዕ ኣይኮነን። ኾይኑ ግና ምስፋን ሰላም ስዒቡ ህዝብና ዝረኸቦ ኣእምራዊ ዕረፍቲ ልዕሊ እቲ መስካሕክሒ ሕማቕ ግዘ ኣብ ሓፂር እዋን ስርዓት ኣተነፋፍሳ ጭንቂ ናብ ንቡር ዝመለሰ 'ዩ። ብመንፅር እቲ ፀገም እንትርኣይ ክንድቲ ዝድለይ ውፅኢት ተዘይተረኸበ 'ኳ ኣወንታዊ ጅማሮታትን መገድታትን ግና ጥዕና ደቂ ሰባት ንክምለስ ዝገብሩን ክምስገኑ ዝግበኦምን ተግባራት 'ዮም። እዚ ኣወንታዊ ጅማሮ ንኽመፅእ ካብ መንጎ ዝገበሩ ተዋሳእቲ ብኣይተ ጌታቸው ረዳ ዝምራሕ ጊዚያዊ ምምሕዳር 'ዩ። ዓብዪ ኣስተዋፅኦ ብምግባሩ ዝምስገን ኸያዶን ጅማሮን ከም ዝኾነ ምጥቃስ ግድን 'ዩ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝገለፅክዎ መገዲ ጥዕና ዝረጋገፅ መገዲ ሰላም እንትንመርፅ ከም ዝኾነ ካብ ሕሉፍ እንመሃሮን ሐዚ 'ውን ክንኸዶ ዝግበኣና ኸያዶ 'ዩ።

መገዲ ሰላም ዋላ ይንዋሕ ኹሉ ግዘ ውፅኢቱ ኣወንታ 'ዩ። ዛጊድ ኣብዘን ድሕሪ ሰላም ዘሕለፍናየን ኣዋርሕን መዓልታትን ቐሊል ዘይበሃል ተግባራት ሪኢና ኢና። ካብ መንጎ እቶም ዝረኸብናዮም ህያባት ሰላም ብሰንኪ ኲናት ከውስኽ ዝነበረ ቑፅሪ ሞት መናእሰይ ተገዲቡ 'ዩ፤ብሰንኪ ኹለመዳያዊ ሓፁር ተፈጢሩ ዝነበረ ርክብን ሃለዋት ቤተሰብን ብስልኪ ይኹን ብኣካል ምግናይ ቐሊል ኣይኮነን፤ሓዘንን ጭንቀትን ኣዴታት ብዝተወሰነ መልክዑ ንምንካይ ኣስተዋፅኦ ዝገብር ስለዝኾነ ዝዝንጋዕ ኣይኮነን። ብሓፈሻ መገዲ ሰላም ሃገራውን ኣህጉራውን ገፅታ ሃገርና ናብ ኣወንታ ዝቐየረ ዓብዪ ጉዳይ 'ዩ።

ጉዳይ ምርግጋፅ ሃገራዊ ሰላም ማለት ምሕላው ጥዕና ማሕበረሰብ ማለት 'ዩ። ዋላኳ ቕድም ክብል ዘሕለፍናዮም ፖለቲካዊ ጌጋታት ኸበድቲ እንተኾኑ ብኲናት ዝፍታሕ ማሕለኻ ከምዘየለ ግና ሪኢናዮ ኢና። ካብ ኲናት ዝርከብ ኹለመዳያዊ ክሳራ ጥራሕ 'ዩ። ስለዝኾነ ድማ መገዲ ሰላም ዋላ ይንዋሕ ኸስቢ 'ምበር ክሳራ ስለዘየምፅእ እናተሳለና በታ ቕንዕቲ መገዲ ሰላም ክንጉዓዝ ናይ ግድን 'ዩ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ዝለዓሉ ሕቶታት ህዝቢ ትግራይ ምስቲ ቕድም ክብል ኣብ እዋን ስእነት ሰላም ዝለዓሉ ዝነበሩ ሕቶታትን እንትነፃፀር ጉዳይ ሰላም ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ዘረጋግፁልና 'ዮም። ህዝቢ ትግራይ ዋላ እኳ መሊኡ ካብቲ ፀገም ኣይውፃእ ኣብዚ ሐዚ እዋን ሰላም ብምርካቡ ብዛዕባ ልምዓትን ፍትሕን ንምሕታት ዘኽእሎ ዕድል ረኺቡ ኣሎ። እዚ ሕቶ እዚ ግና ቕድም ክብል ከም ሰማይ ርሒቕዎ ከምዝነበረ ዝዝከር ሓቂ 'ዩ።

> **ህ**ዝቢ ትግራይ ዋላ እኳ መሊኡ ካብቲ ፀገም ኣይውፃእ ኣብዚ ሐዚ እዋን ሰላም ብምርካቡ ብዛዕባ ልምዓትን ፍትሕን ንምሕታት ዘኽእሉ ዕድል ረኺቡ ኣሉ

ሕዚ ግና ሰላ ሰላም ዝተረኸበ በቲ ኲናት ዝዓነዉ መሰረተ ልምዓታት ከም ጥዕና፣ ትምህርቲ፣ ስፖርት፣ ሕርሻ ወዘተ ተመሊሶም ግልጋሎት ምሃብ ጀሚሮም ኣለዉ። ቁጠባዊ ምልዕዓል ይረአ ኣሎ፣ ንኣብነት ፌደሬሽን ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያን ፌደሬሽን ቅድድም ብሽክለታን ኣብቲ ክልል ስፖርታዊ ውድድራትን ካልኦት ዋዕላታትን ብምክያድ ቁጠባዊ ምልዕዓል ንምፍጣር እናሓገዙ 'ዮም። ከምዚኦም ዝበሉ ነገራት ሕቶ ኢኮኖሚ ህዝቢ ብውስን መልክዑ ምምላስ ጥራሕ እንተይኮነስ ርክብ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ዘጣናኽሩ 'ውን 'ዮም።

ብተመሳሳሊ ነዞም ሕቶታት ክምልስ ዝኽእል ምሕደራ ትግራይ ድማ ቕድም ክብል ካብ ዝነበሮ ቕዋሙን ስራሕቱን ዓርሱ ብምርኣይ እናገበሮ ዘሎ መዋቕራዊ ለውጢ ይኹን ጅማሮታ ማሕበራዊ ጉዳይ፤ ንኣብነት ኣብ ስፖርት፣ትምህርትን ዝርገሐ ህንፀት ምሕዋይ ትግራይ እናተለሞ ዘሎ ስራሕቲ ኣወንታውን ይበል ዘብልን 'ዩ። ኣፍቲ ክልል ካብ መንጎ ዝተርኣዩ ኸያዶታት ሕቶ ህዝቢ ምምላስ ፈላማይ ተግባር ክሸውን ከምዘለዎ ፕሬዚደንት ጊዚያዊ ምምሕዳር ኣይተ ጌታቸው ረዳ ብሚዲያ ምዝራቦም ዓርሱ ዝኽእለ ኣወንታዊ ምላሽ ከም ዝኾነ ክስመረሉ ይግባእ።

ሕቶ ህዝቢ ምድማፅን ምምላስን ፈላማይ ተግባር ምሕደራ 'ዩ። መግለፅታቱ ድማ ዝተፈላለዩ ክፋላት እቲ ማሕበረሰብ ሓሳቦም ብሚዲያ ከይፈርሑ ክገልፁ ዕድል እንትረኽቡን፤ ሕቶታቶም ብመራሕቲ ኣቢሎም ኣፍልጦ ከም ዝረኸቡ እንትረጋገፅ፤ ትኹረት ወይ ድማ ምላሽ ረኺቦም ክንብል ንኽእል። ብምቕፃል እቶም ሕቶታት ብኸይዲ ክምለሱ ክኽእሉ ኣለዎም። እዚ ንምስኻዕ ዋላ ይንዋሕ ሐዚ 'ውን መገዲ ጥዕና ምሓዝ ወሳኒ ጉዳይ 'ዩ። መገዲ ጥዕና ምሓዝ ቐሊል ጉዳይ ኣይኮነን። ምኽንያቱ እዛ መገዲ ንምሓዝ ብዙሓት ማሕለኻታት፣ ከሕምሙ ዝኽእሉ ጎዳእቲ ነገራት ናብ ጎኒ ምግዳፍ ከድልይ 'ዩ። ብፍላይ ህዝቢ ትግራይ እቲ ዘሕለፎ ቑስሊ ደጊሙ ከይደግሶ ስግኣትን ፍርሕን ከም ዘለዎ ምርዳእ ይከኣል። ብምዃኑ ድማ ስግኣታቱ ንኽቕረፍ ምስ ጎራብቱ ዘሎ ርክብ ናብ ንቡር ክምለስ ብወገን መንግስትን ጊዚያዊ ምምሕዳርን ፃዕርታት ክግበሩ ይግባእ።

ብፍላይ ኣብዛ ሃገር ዝግበር ዘሎ ኲናት ከምቲ ቕድም ክብል ምስ ህወሓት ዝተገበረ ሰላማዊ ዘተ ተገይሩ መዕለቢ ክረክብ ኣለዎ። ምኽንያቱ ኣብ ዝኾነ ይኹን ክፋል እዛ ሃገር ዝግበር ኲናት ሓበራዊ ሓዘንን ክሳራን ከም ዘስዕብ ካብ ሕሉፍ ምምሃር ይከኣል 'ዩ። ስለዝኾነ እዚ ዝግበር ዘሎ ኲናት ንህዝቢ ትግራይ ካፍቲ ዝነበሮ ኸቢድ ፅዕንቶ ቐልጢፉ ንኸይወፅእን ንኸይሕገዝን ካብ ዝገብሩ ጉዳያት ሓደ 'ዩ፤ብምዃኑ ድማ ንህዝቢ ትግራይ ይኹን ነቶም ኣብ ውግእ ዘለዉ ወገናት ዝጎድእን ህልውና ሃገር ዝፈታተንን ኲናት ኣብ ሓፂር እዋን ጠጠው ንኽብል ብወገን መንግስቲ ይኹን ማሕበረሰብ ፃዕርታት ክግበሩ ኣለዎም እናልኩ ሰሰናዩ ንሃገርና እምነ።

# እዋናዊ ዛዕባ

## ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ድሕሪ ለውጢ ብዙሕ ምምሕያሻት ተገይርሉ ተልእኽኡ ብብቕዓት እናተዋፀአ ይርከብ

ኣብርሃ ሓጎስ፣መኣርግ ገ/ሄር



ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ 1928 ዓ.ም ከም ዝተመስረተ ድርሳናት ይሕብሩ። ካብ 88 ዓመት ኣቑፂሩ ኣሎ፤ ድሕሪ ለውጢ ብዙሕ ምምሕያሻት ተገይርሉ ኣብዘተኣማምን ብርኪ ይርከብ። በቢ ዓመቱ ንምኽባር 'ውን እናተሰርሐሉ መፂኡ ሎሚ ዘበን ክኽበር ጀሚሩ ኣሎ። ቕድሚ ሕዚ ግቡእ ቖላሕታ ስለዘይተገበረሉ ዉሱን መዓልቲ ተቖሚጥሉ እናተኸበረ ኣይመፀን። ኮይኑ ግና እቲ ሓይሊ ኣየር ልክዕ ከም ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ሕዚ ክኽበር ጀሚሩ ኣሎ። ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ዓብዪ ታሪኽ ከምዘለዎ መጠን ዝተመስረተሉ መዓልቲ ብቀዋምነት መሰረት ብምግባር በቢዓመቱ ክኽበር ዝግበኦ 'ዩ። ሎሚ ዘበን 2016 ዓ.ም ካብ 20 ሕዳር ጀሚሩ ዝተፈላለዩ ምድላዋት እናተገብሩ መፂኡ ጥቑር ኣንበሳ ዝብል ስያመ ተዋሂብዎ 6ታሕሳስ ናይ መጣቓለሊ ብዝደመቐ መልክዑ ክኽበር 'ዩ። ብቐዋሚ ግን 20 ሕዳር በቢ ዓመቱ ከምዝኽበር 'ዩ ተገሊፁ 'ዩ።

ብፍላይ ድሕሪ ለውጢ ሓይሊ ኣየር ልዑል ቖላሕታ ተዋሂብዎ ብዙሓት ምምሕያሻት እናምፀአ ይርከብ። ንቓፃሊ እንታይ ዓይነት ተልእኾ ክዋፃእ ይኽእል? ነዚ ዓይነት እንታይ ዓይነት ስራሕቲ ክስርሑ ኣለዎም ተባሂሉ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ማለት ብሓይሊ ሰብ፤ ቴክኖሎጂ ወዘተ እናተሰርሐ ይርከብ። ሓይሊ ኣየር ፌዴሪኢ ህዋ ኢትዮጵያ ብምሕላው ዝፍለጥ ኣብዪ ትካል 'ዩ። እዚ ትካል ትልእኽኡ ብብቕዓት ክዋፃእ ዝኽእለሉ ዓቅሚ ፈጢሩ 'ዩ። በርግፅ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ካብ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ዝፍለ ኣይኮነን። ሓደ ኣካል ናይዚ 'ዩ። ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ሓጋዚ ናይዚ 'ዩ። ብዙሕ ነፃፂልካ ዝረአ ኣይኮነን። ኢትዮጵያ ካብ ሰራዊት ምክልኻል ካብ እትፍረሐሎም እቲ ሓደ ሓይሊ ኣየር 'ዩ። እዚ ትካል እዚ ተልእኽኡ ብብቕዓት ኣብ ምፍፃም ዝፍለጥ ትካል 'ዩ። ብፍላይ ድማ ድሕሪ ለውጢ ብዙሕ ለውጥታት ተገይርሉ ኣዝዩ ዘሚኑ ይርከብ።

ብታሪኽ እንተሪእና ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ ብዘይ ሓይሊ ኣየር ምሕሳብ ዝኸብድ 'ዩ። ኢትዮጵያ ኣብ ዘመናት ዝጋጠምዋ ውግኣት ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ንሓይሊ ሰራዊት ምክልኻል ብምሕጋዝ ፀላእቲ ብርሑቑ ክፈርሑን ንምድፋር ከይሓስቡን እናገበረ መፂኡ 'ዩ። ኣባላት ሓይሊ ምክልኻል ኣየር ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት ኢትዮጵያ ብርሑቑ ፀላእታ ክፈርሕዋ ከብ ዝገበረ እቲ ሓደ ሓይሊ ኣየር ፌዴሪኢ 'ዩ። እኒ ጀነራል ኣምሃ ደስታ፣ ለገሰ ተፈራ፣ ኮነሬል በዛብህ ጴትሮስ ሃይለ ሓይሊ ኣየር ዘፍረዮም ጀጋኑ ኢትዮጵያውያን 'ዮም። ኣብ ኩናት ኢትዮ ኤርትራ ዓለም ለኸ ሰላም ናይ ምኽባር ተልእኾ እዚ ኣየር ሓይሊ ብታዓዋታይነቱ ዝፍለጥ 'ዩ። ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ክፉል ሰሜን ሃገርና ዝነበረ ኩናት ሓደ ናይ ደገ ዋንነቱ ዘይፍለጥ ናይ ኩናት ጀት ናብ ኢትዮጵያ ንምእታው ፈቲኑ ብሓሊ ኣየር ፌዴሪኢ ሓፊሩ ክምለስ ተገይሩ 'ዩ።

ብፍላይ ኣብዝሓለፉ 5 ዓመታት እዚ ኣየር ሓይሊ እዚ ብዙሕ ሪፎርም ተገይርሉ ብዕጥቒ ስልጠናን ቴክኖሎጂን ብምድርጃው ዓለም ለኸ ተዋዳዳርነቱ ኣጣናኺሩ ቐፂሉ 'ዩ። ተልእኽኡ ብብቕዓት ብምውፃእ ብቕዓቱ እናረጋገፀ ይርከብ። እዚ ሓይሊ ኣየር እዚ ንናይ ውሽጢ ዓዲ ውግእ ኣይተጣየሸን። ልኣላውነት ሃገር ንምሕላው እምባር ንናይ ውሽጢ ዓዲ ወይ ንናይ ሰፈር ውግእ ተሓሲቡ ከምዘይተጣየሸ 'ዩ መንግስቲ ዝሕብር። ልኣላውነት ኢትዮጵያ ንምጥሓስ ዝሓሰበ ወይ ዝፈተነ ኣካል ንምሕላው 'ዩ። ነዚ ብዝግባእ ተዳልዩ 'ዩ። ነዚ እዩ ብዝግባእ ተሃኒፁ። ነዚ ሎሚ ዘበን እናተኸበረ ዝርከብ በዓል ሓይሊ ኣየር ኣዛዚ ኣካዳሚ ሓይሊ ኣየር ኮነሬል ገዛሃኝ ነጋሽ ከምዚ ዝስዕብ ይብሉ። ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ዓብዪ ታሪኽ ዘለዎ 'ዩ። እዚ ጥራሕ እንተይኮነስ ሃገርና ኢትዮጵያ ንነዊሕ ግዜ ኣቬሽን ሒዛ ዝፀንሐት 'ያ። ብ1928 ዓ.ም ሓይሊ ኣየር ከም ሓይሊ ኣየር ኣዛዚ ዝተመደበሉ 'ዩ ኔሩ። 20 ሕዳር 1928 ዓ.ም ስለ ዝተመስረተ 20 ሕዳር በቢ ዓመቱ ዝኽበር 'ዩ ዝኸውን። ነዚ በዓል እዚ ዝተፈላለዩ ምድላዋት ተገይሮም ኣለዉ።

ኢትዮጵያ ኣቬሽን ንነዊሕ እዋን ሒዛ ዝፀንሐት ሃገር 'ያ። ምንልባት 'ውን ሃገርና ካብ 1920 ዓ.ም ጀሚሩ ኣቬሽን ቴክኖሎጂ ናብ ዓዲ ኣእትያ ንመናእሰያታን ንህዝባን ክተፋልጥ ፀኒሓ 'ያ። ይኹን እምበር ብኣየር ፀባይ ምኽንያት ቀዋሚ ዝኾነ ቦታ ኣይነበራን። ስለዚ ከምቲ ቅድም ክብል ዝተገለፀ ብቀዋሚነትን ብወግዓዊን ሓይሊ ኣየር ከም ሓይሊ ኣየር ኣዛዚ ዝተመደበሉ ብ1928 ዓ.ም ናይ ሎሚ 88 ዓመት ኣቢሉ ሕዳር 20 'ዩ ነይሩ። እዚ ድማ ሎሚ እነኽብሮ በዓል መዓልቲ ሓይሊ ኣየር ተባሂሉ ዝኽበር 'ዩ ዝኸውን። መበገሲኡ ድማ ከምቲ ቅድም ኢለ ዝበልክዎ ኾይኑ፤ ካብዚ ብተወሳኺ ድማ ካብዚ ዋና በዓል ተተሓሒዞ ዝተፈላለዩ ምድላዋት ኣለውና 'ዮም። ካብዞም ምድላዋት እቲ ዋና ኣንሕና 'ውን ከም ኣካዳሚ እኹል ምድላዋት ዝገበርናሉ ብፍላይ ሃገራዊ ለውጢ ተኸቲሉ ከም ሰራዊት መከላኸሊ ሪፎርም ተገይሩ 'ዩ። ካብዚ ዝተገበረ ሪፎርም ድማ እቲ ሰራዊት መከላኸሊ ነፃ ወፂኡ 'ዩ።

ቅድሚ ሐዚ ሰራዊት መከላኸሊና ሓደ ናይ ፓለቲካ ፓርቲ ሓላዊ ዝነበረሉ ከነታት 'ዩ ነይሩ። እንእከብ እተነይርና ንናይ ሓደ ፖለቲካ ፓርቲ ራእይ ክንዝቲ እንተዘይኮይኑ ንናይ ትካልና ራእይ እንዝትየሉ ዝኾነ ኣጋጣሚ ኣይነበረን። ሎሚ እንትተኣኪብና ግና እንዝትይ ብዛዕባ ራእይ ትካልና ኢና። ፅባሕ ትካል ተረኪቦም ሃገር ዘኽብሩ መናእሰይ ከመይ ነሰልጥን ኢልና ኢና እንዝቲ። ስለዝኾነ ብፍላይ ኣካዳሚ ሓይሊ ኣየር ብዋናነት ዝሰርሖ ኣብ ሓይሊ ሰብ ትኹረት ዝገበረ 'ዩ። ኣብ ህንፀት ሓይሊ ሰብ ልዑል ስራሕ ሰሪሕና ኣሰልጢንና እነመርቆም ፓይሎታትን ቴክንሻናትን ኣለውና። ምናልባት ንመጀመርያ ግዘ ብዝብሃል ብርኪ ንዝሓለፉ ሰላሳን ካብኡ ብላዕልን ተቋሪፁ ዝነበረ ናይ ሕፁያት መኮንናት ስልጠና ሂብና ስለዝነበርና፤ እዞም ሕፁያት መኮንናት ዝምረቁ ኣብዚ ዓብዪ በዓልና ዝኾነ ተዓጅቦም 'ዮም። እዚ ንዓና ብፍላይ ከም ኣካዳሚ ዓቢ ትኹረት ብምሃብ እነኽብሮ በዓልና 'ዩ።

ካልኦት 'ውን ምስዚ ተተሓሒዞ ዝስርሑ ተግባራት ኣለው 'ዮም። ብፍላይ ተዘይተሰሓሒተ ብነሃተይ ግምት ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ይኹን ኣብ ታሪኽ ሓይሊ ኣየር ብዝብሃል ብርኪ ትርኢት ኣየራት ብነሃትና ፓይለታት ጥራሕ ዘይኮነስ ነባር ልምዲ ዘለዎም ፓይለታት ካልኦት ሃገራት 'ውን ብምቅንጃው ዝሳተፉሉን እነርእየሉን እነኽብሮን 'ዩ ዝኸውን። እዚ 'ውን ሓደ ናይቲ ምድላዋት ኣካል 'ዩ። ካሊእ ድማ ቅድም ከምዝበልክዎ ኣንሕና ቀዳሚ ኣቬሽን ዝሃነፅና ሃገር ስለዝኾንና፤ ናይ ኣፍሪካ ኣሕዋት ሃገራት ኣዘዝቲ ሓይሊ ኣየር 'ውን ክመፁ 'ዮም። ልዕሊ 20ዝኾኑ ናይ ሓይሊ ኣየር ኣመራርሓን ኣዘዝትን ክርከቡ 'ዮም። ከምኡ 'ውን ካልኦት ናይ ውሽጢ ዓድን ናይ ደገን ዲፕሎማሰኛታት ኣብዚ ክርከቡ 'ዮም።

**ኣየር ሓይሊ እዚ ብዙሕ ሪፎርም ተገይርሉ ብዕጥቒ ስልጠናን ቴክኖሉጂን ብምድርጃው ዓለም ለኸ ተዋዳዳርነቱ ኣጣናኺሩ ቐፂሉ 'ዩ**

ንመፈለምታ እዋን ፎረም ሓይሊ ኣየር ኣፍሪካ ብዝብል ፓነል ክካየድ 'ዩ ዝኸውን። ኣብዚ ፓነል ንኣፍሪካ ኣሕዋትና ዓቅምና እነርእየሉን ንሶም ካብዚ ዘለና ዓቅሚ ኣቬሽን ዝወስድዎ ነገር እንተሃልዩ እንሕግዘሉን ኣንሕና ካብኦም እንረኽቦ እንተሃልዩ ድማ ብሓባር እንሰርሐሉን እንዓብየሉን ዕድል እንፈጥረሉን ንእግረመንገድና ድማ ዓቅምና ንጎሮባብትናን ንዓለምን ክነርእየሉ እንኽእል ኣጋጣሚ ዝፈጥር ኩነታት ስለዝኾነ፤ እዚ ኩሉ ብሓደ ገይርና እቲ በዓል ብድምቀት ንምኽባር ብሃንቀውታ እንፅበየሉ ኩነታት ኢና ዘለና።

ኮሎኔል ጃምቦ ኣዛገ ኣብ ሓይሊ ኣየር በረራ ቤት ትምህርቲ ኣዛዚ ዝኾኑን ነቲ ትካል ብምምራሕን ብኣብራሪነት ኣብ ምግልጋል ይርከቡ። እዞም ኮለኔል ኣብ ኢትዮጵያ ሓይሊ ኣየር ንልዕሊ 6 ዓመታት ዘገልገሉን ንትካሎም ፍሉይ ፍቅሪ ከምዘለዎም ይዛረቡ። እቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ኢትዮጵያ ለኣላዊነት ዘኽብሩን ዘሕልውን ብዙሓት ጀጋኑ ዘፍረየ ከምዝኾነ ገሊፆም 'ዮም። ካብ ናይ ባዕሎም ኣፍ ድማ ከምዚ ዝስዕብ ይቀርብ፦

"ኣነ ኮሎኔል ጃምቦ ኣዛገ ይብሃል። ኣብ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ በረራ ቤት ትምህርቲ ኣዛዚ 'የ። ገና ተምሃራይ ኮይነ ብንኡሰይ እናሃለኹ ናብ ሓይሊ ኣየር እንትቑፀር ነሃተይ ሲነር ንዝነበሩ ይጥይቅ ነይረ። ክንደይ ዓመት ኣገልጊልካ ኢለ ክጥይቅ ከለኹ 10 ዓመት ኢሎም እንትምልሱለይ ይድንግፅ ነይረ። ከመይ ኢሉ ሓደ ሰብ ን10 ዓመት ኣብ ሓደ ትካል ይፀንሕ ይብል ነይረ። ሓደ ሓደ እዋን እቲ ሞያ እንተፎቲኻዮ ግና ምንም ኣይመስለካን 'ዩ። ቅድም ኢሉ ይኹን ሐዚ ኣብ ሓይሊ ኣየር ዝነበሩ መናእሰይ ፓይሎታት ይናፍቁካ። ኣብቲ ትካል ብዙሕ ነገር ኢኻ ትምሃር ቴክኖሊጂ ትምሃር፣ ማሕበራዊ ሂወት ትምሃር ከም ሓደ ቤተሰብ ኢኻ ትኸውን። ብዋናነት ናይ በረራ ትምህርቲ ምስልጣን 'ዩ ስራሕና። ካብ ጃማሪነት ክሳብ መሰረታዊ ሞያ ብምምሃር፤ ገና ምንም ዘይፈልጡ ሓደሽቲ ተምሃሮ ንበረራ ትምህርቲ ድልየት ዘለዎም በቲ ዘሎ መስፈርቲ ብጥዕና ዝምጥኑ፣ ብኣካዳሚካል ብቑዕ ዝኾኑ ተምሃሮ ኣሰልጢና ናብ ዝተፈላለየ ዘፈር ናብ ትራንስፖርት ስትሪም ናብ ሄሊኮብተር ከምኡ 'ውን ክሳብ ናብ ሳይተር ጀት ዘብቅዕ ክፍሊ እዚ ናይ በረራ ቤት ትምህርቲ 'ዩ።

ናይዚ ዘመን ቴክኖሎጂ ብዝሓለወ መልክዕ ኣናሎግ ናብ ድጅታል ዝቀየረ 'ዩ። ሐዚ መሰልጠኒና ጀት ናብ ድጂታል ዝቀየርናሉ ኩነታት ኣሎ። ብሓይሊ ሰብ፣ ብመሰረተ ልምዓትን ቴክኖሎጅን ዓበይቲ ስራሕቲ ዝስረሐሉ ኩነታት 'ዩ ዘሎ። እዚ ድማ ኣባናን ኣብ ኣብረርትን ናይ በረራ መምህራን ብምፍራይን ናይ ኣብረርቲ ብቕዓት ብምዕባይን ንመፃኢ ዓቢዩ ሓይሊ ኣየር ምህናፅ ይክኣል 'ዩ። ናይዛ ሃገር ክሊ ኣየር ዘኽብር ዋና ሓይሊ ኣየር 'ዩ። ኣንሕና ድማ ኩሉ ግዜ ድልዋት ኮይና ኢና ክንሕልው ዘለና። ኣነ ኣብዚ ትካል እዚ እንትኣትው ሃገር ወኪለ 'የ ኣትየ። ንሓደ ዓለማ ናይ ሃገርና ሰላምን ፀጥታን ድሕንነትን ንምሕላው 'ዩ። ካሊእ ዝኾነ ምኽንያት የብልናን። ሓንቲ ሃገር ሓንቲ ኢትዮጵያ 'ያ ዘላትና። ንዕኣ ንቀስል ንዕኣ 'ውን ንመውት። ፅባሕ ድማ ወለዶ ክመፅእ 'ዩ። እቲ ወለዶ ድማ ክርከብ 'ዩ። ሃገር ድማ ትቕፅል።"

ዕዱም ጋሻ

# “ብቡንባ ዝሰርሓ ዝነበራ ዝዓነዋ ኩሉን ማያት ሱሚ ዓመት ሚእቲ ብሚእቲ ፀጊንና ናብ ስራሕ ክነእትው ኢና ዝብል ትልሚ ኣለና”

-ኣይተ ሞጎስ ገብረእግዚኣብሄር፣ሓላፊ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይ

ኣብርሃ ሓጎስ

**ከምቢሮ እዚኣን ብቅልጡፍ እንተተሰሪሐን ዘሎ ፀገም ከቃልላ ይኽእላ እየን ኢልና ዝርዝር ናብቲ ግብረሓይልን ናብ ቢሮ ሕርሻን ኣቅሪብና ኣለና። እዚ ንምስራሕ ዘድሊ ገንዘብ ብዙሕ 'ዩ ናብ ክልተ ነጥቢ ሓሙሽተ ቢልየን ከባቢ 'ዩ። ዘሎ ዓቅሚ ኩሉ ኣብዚ ኣሰባሲብካ ግና ምስራሕ ይከኣል 'ዩ። ኣብ ትግራይ ዘለው ፀገማት ዝሐሸ ርድኢት ብምፍጣር ተዓፃፂፍካ ዝስርሐሉ ስርዓት ቢሮክራሲ ክፍጠር ኣለዎ። ”**

**ህፁፅ ምላሽ ኣብ ዝጠልቡ ካብ ሚንስትር ማይን ኢነርጅን ጀሚሩ ንማይ መስተ ዝውሃብ ዘሎ ምላሽ ፅቡቅ 'ዩ በቢእዋኑ ዝተፈላለዩ ኣቁሑታት ማይ ይሕግዙና 'ዮም በዚ ኣጋጣሚ 'ውን ከመስግን ይደሊ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ጥራሕ ንኣብነት ብቁፅሪ ንምፅራሕ ናብ 25 ዝኾና ፓንፕታት ልኢኾምልና ኣለው። ኣብ ከተማ መቐለ ጥራሕ ናብ 13 ሽሕ ዝኸውን ቆፃርታት ዝሃቡና ኣሎ ካልኦት 'ውን ከምኡ። ኣብ መስኖ ግና ንድሕሪት ምቅራይ ዝመስል ነገር ኣሎ። ኣብዚ ብዙሕ ትኹረት ዝተወሃቦ መሲሉ ኣይርእን ዘለኹ።**

**ነዚ ዝበሉ ናይ ሎሚ ጋሻና ሓላፊ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይ ኣይተ ሞጎስ ገብረእግዚኣብሄር ኮይኖም ኣብ ጉዳይ ኣቕርቦት ማይን ኢነርጅን ካልኦት ተዛመድቲ ዛዕባታት ትኹረት ዝገበረ ምስ ጋዜጣ ዋጋሕታ ዝነበሮም ፃኒሒት ሙሉእ ትሕዝትኡ ከምዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ ሰናይ ንባብ:-**

**ወጋሕታ:- ቅድሚ ምፍጣር እቲ ኩናት ተጠቃምነት ሃፍቲ ማይ ትግራይ ኣብ ምንታይ ብርኪ ነይሩ?**

**ኣይተ ሞጎስ:-** ማይ ሃፍቲ ከም ትግራይ ክንሪኦ ከለና ሽፋን ተበፃሕነት ኣብ ገጠር ካብ 58 ክሳብ 60 ሚእታዊ ኣብ ዘሎ ከባቢ ዝነበረ እንኸውን፤ ኣብ ከተማታት ድማ 57 'ዩ ነይሩ። እዚ ማለት ክንደይ ዝኣክል ክፍተት ከምዝነበረ 'ዩ ዘርኢ። እዚ ናይ 2012 ዓ.ም ዝነብረ ዳታ 'የ ዝዛረብ ዘለኹ እምበር ቅድሚኡ ከባቢ 90 ሚእታዊ 'ዩ እናተብሃለ 'ውን ሪፖርት ይግበር ነይሩ 'ዩ። ደሓር ግና ብትኽክል ኣብ መርየት ዘሎ ኦዲት ክግበር ከሎ ናይ ገጠርን ከተማን ብሓደ ክንሪኦ ከለና እቲ ማእኸላይ ውፂት 58 ሚእታዊ 'ዩ ነይሩ።

functional Rate ዝብሃል ኣሎ ክንደይ ዝኣክል ዝሰርሕን ዘይሰርሕን ኣሎ ዝብል ድማ እቲ ዘይሰርሕ ካብ 20 ክሳብ 22 ሚእታዊ 'ዩ ነይሩ። ዘይኽፈለሎም ዝብሃሉ ማይ ድማ ናብ 7 ሚእታዊ 'ዩ ነይሩ። ዘይሩ ዘይሩ ቅድሚ ጦርነት ዝነበረ እንተኾነ 'ውን እቲ 40 ሚእታዊ ዝነበረ ብግቡእ ማነጅ ዘይተገበረን ፅሩይ ማይ ዘይረክብ ዝነበረ 'ዩ ነይሩ። ካብኡ ግና እንታይ ንገብር ነይርና ዝብል እዚ ምስተፈለጠ ኣብ ብዝሓት ከባቢታት ላዕለዎትን ማእኸለዎትን ፕሮጀካታት ማይ ክዝርሑሉ ዝጀመሩሉ 'ዩ ነይሩ።

**ወጋሕታ:- ብሰንኪ እቲ ኩናት ካብ ዝበፅሖ ጉድኣት ናብ ዝነበሮ ንምምላስ እንታይ ስራሕቲ ይስራሕ ኣሎ? ክሳብ ሐዚ ዝተሰርሑከ እንታይ ይመስሉ?**

**ኣይተ ሞጎስ:-** ድሕሪ እቲ ዝተፈጠረ ጦርነትን ብዙሕ ዘኸተሎ ዕንወትን እተን ሐዚ እንሰርሐን ዘለና ኩለን ምስቲ ህፁፅ ምላሽ ዝብሃል ዝተተሓሓዛ እየን። እዚኣተን 'ውን ብመንግስቲ ፌደራልን ብትካላት ሰብኣዊ ድጋፍ ወሃብቲን ዝስርሓ እየን። ንሰን 'ውን ቀለልቲ ፅገናታት ዝህባ እምበር ሓደሽቲ ኳዕቲ ጎዳጉድ ኣይገበርናን። ቅድሚ ጦርነት ተጀሚሮም ኣብ ከይዲ ነበሩ ፕሮጀክታት ማይ ተቋሪፆም ጠጠው ኢሎም 'ዮም ዘለው። ንኣብነት ዓበይቲ ናይ መቐለ መስተ ማይ እኳ ክልተ ኣለው። ሓደ ገረብ ግባ ዝብሃል ካብ ናይ ቻይና ኤግዚን ባንክ ዝተረኽበ ልቓሕ ዝስራሕ ዝነበረ ገና ኣብ ታሕቲ ብርኪ እናሃለወ ጦርነት ኣርኪብዎ ተቋሪፁ ክሳብ ሐዚ ጠጠው ኢሉ 'ዩ ዘሎ።

ኣብዚ ጉዳይ ብሚኒስትር ፋይናንስን ምኒስትር ማይን ኢነርጅን ዝተተሓዘ ዝተወሰኑ ከይድታት ከምዘለው ይፈልጥ 'የ። ይኹን እምበር ብጣዕሚ ዝንግዕ ዝበሉ ነገራት 'ዮም ዘለው። ክሳብ ሐዚ ኣብ ምንታይ ኸይዲ ከምዘለው ኣይፈልጥን። እታ ኻልኣይቲ ፕሮጀክት ዝርግሐ ዝስተማይ ከተማ መቐለ ገረብ ሰገን ቁፅሪ ክልተ 'ያ፤ እዚኣ ብናይ ኣፍሪካ ልምዓት ባንኪ ፈንድ ዝስትራሕ ዝነበረት ኮይና ኣብ ከይዲ ስራሕ ጦርነት ኣርኪብዎ ደው ኢሉ ዝነበረ ሐዚ እቲ ዝነበረ ውዕሊ ኣሐዲስና ኣብ ቀረባ ናብ ስራሕ ዝኣትው 'ዩ። ናይ “ቲሪትመንት ፕላንትን” ዝርግሐ ፓይፕ 'ዩ ተሪፍዎ። ስለዚ ብዛዕብኣ ቅድሚ ወርሒ ኣቢሉ ምኒስትሪ ማይን ኢነርጅን ኣብ ዘዳለዎ መድረኽ ካብዚ ሓላፊን ኣገልግሎት ማይ መቐለ፣ ምኽትል ከንቲባ ከተማ መቐለን ኣነ 'ውን ከምቢሮ ሓላፊ ማይ ኢነርጅን ዝተረኸብኩሉ ኣብ ኣዳማ ተራኺብና ሓደ ሓደ ዝርዝር ጉዳያት ዝነበርዎም ኣውጊዕና፤ ብቀደም ሰዓብ ዝስራሕ ስለዝኾነ ስቪል ወርክን ናይ ፓይፕ ገጠማ ብዝተመልከተ ምስቲ ዝነበረ ኮንትራክተር ዝርርብ ገይርና ኣብ ቀረባ ግዘ ናብ ስራሕ ክኣትው 'ዩ።

ብዛዕባ እታ በቀዳማይ ኣብ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣውፂኹማ ዝነበርኩም ብዝምልከት ምስተን ተጀሚረን ደው ዝበላ ግድብ ገረብ ግባን ገረብ ሰገንን ብቀጥታ ዝራኸብ ኣይኮነን። ኣጠቓላሊ “ካልኣይ ፕሮጀክት ቀረብ ማይን ፅሬትን ከተማታት” ዝብሃል ኣሎ። ናይዚ ተጠቀምቲ ዝኾና ከተማ መቐለን ዓዲግራትን ቅድም ኢሉ ተበጅትለን ናብ ስራሕ ኣትየን ዝነበራ ብሰንኪ እቲ ጦርነት ተቋሪፀን ዝነበራ ዳግም ናብ ስራሕ ክኣትያ 'የን ዝብል ስለዘሎ። ንናይ ከተማ መቐለ ስራሕቲ ማይ ንምጅማር ዘድሊ ኣቁሑት ማይ ዕድጊት ንምፍፃም ኸይዲ ተወዲኡ ኣሎ። ተወሳኺ ጎዳጉዲ ንምኹዓት ምድላው ከምዘሎን 17 ፓንፕታት ንምዕዳግ ኸይዲ ከምዝተወድኣ 'ዩ ዘለኒ ሓበሬታ። እዚ ድማ ነቲ ዘሎ ፀገም ከተንፍሶ ይኽእል 'ዩ። ዘላቒ መፍትሒ ግና ኣይኮነን። ብመንግስቲ ፌደራል ዝስርሑ ዝነበሩ ፕሮጀክታት ማይ መሊሱ ንምጅማር ዝተወሰነ ናይ ምንዱንጓይ እንተሃለወ 'ውን ናብ ስራሕ ክኣቲ ዝኽእል 'ዩ።

ካብዚ ሓሊፉ እንታይ ኢኹም ትሰርሑ ዘለኹም ዝብል ግና ከምቲ ዓንተዎ ዝበልናየን ካብ ንደመወዝ፣ ነዳዲን ዝተወሰና ፅገናታት ወፃኢ ብመንገስቲ ትግራይ ንሽምዚ ዓይነት ስራሕቲ ምንም ዝብጀት በጀት የለን። ዘይሩ ዘይሩ እተን ብፌደራል ተታሒዘን ዝነበራ ፕሮጀክታት ማይ ናይ ምጅማር ኣንፈት የርእያ ስለዘለዋ ምንቅቓሓት ኣሎ። ካብኡ ድማ ንዝተወሰኑ ናይ ፅገናታት ስራሕቲ ብትካላት ወሃብቲ ሓገዝ ይወሃበና 'ዩ። ክሳብ ሐዚ ድማ ኣብ ብዙሕ ከባቢ ስራሕቲ ፅገናታት እናተሰርሐ ፀኒሑ 'ዩ። ኣብ ቀረባ እዋን ድማ ምስተን ኣጋራት ልምዓት ብሓባር ኮይንና ተወሰኽቲ ስራሕቲ ንምስራሕ ንሓስብ ኣለና። ክሳብ ሐዚ ዝተሰርሑ ኣብ ምንታይ ከምዝበፃሕና ድማ ኣብዚ ሓደ ወርሒ ሓበሬታ ክህልወና 'ዩ።

**ወጋሕታ:-ከምዝፍለጥ ብዝተፈላለዩ ተደራራቢ ፀገማት ምኽንያት ሓረስታይ ትግራይ እኹል ምህርቲ ከምዘይረኸበ ይግለፅ 'ዩ። እዚ ጉድለት ንምክሕሓስ ብሓፈሻ ድማ ልምዓት መስኖ ትግራይ ንምዕባይ ዘሎ ሕፅረት ማይ ንምንካይ እንታይ ንምስራሕ ተሓሲቡ ኣሎ?**

**ኣይተ ሞጎስ:-** እቲ ኣብ ትግራይ ዘሎ ድርቂ ብዝምልከት ብጣዕሚ ከቢድ 'ዩ ሓደ ሓደ ግዘ መግለፂ 'ውን ዝስእነሉ 'ዩ። እንታይ መሲሉካ ናይ ሎሚ ዓመት ክረምቲ እቲ ጦርነት ጥራሕ ዘስዓቦ ፀገም ኣይኮነን። ተለሚዱ ብዘይፈልጥ ዝተፈለየ ምልክዕ ዘለዎ ዓይነት ድርቂ 'ዩ ዘሎ። ካብ ጨርጨር ጀሚርካ ብኢሮብ ዛላምበሳ ገይርካ ናብ ቀላቅል ዓፋር ከባቢ ዘሎ እንተሪኢኻዮ፤ ምንም ምህርቲ የለን መስከረም ባዕሉ ከፍቲ ማይ ንምስታይ ዝሰተሰኣነሉ 'ዩ ዘሎ። ካብኡ ሓሊፍካ ከዓ ኣብ ከባቢ ማእኸላይ ዞባን እንደርታን ዝተወሰና ቦታት ተመሳሳሊ ነገር ኣሎ። ኣብቲ ክረምቲ ዘይነበረለን ከባቢ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብተን ክረምቲ ማይ ዝወቅዓለን ዝነበራ ከባቢታት 'ውን መስከረም በረድ ዝወቅዐሉ ኩነታት 'ዩ ነይሩ። እና እንታይ 'ዩ እቲ ኽፍእ ዘበለ ዘሎ፤ ሰብ እኳ ምናልባት ካብቲ ካብቲ ተባሂሉ ርዳእታ ክረክብ ይኽውን ናይ እንስሳት ቀለብ ግና ከቢድ 'ዩ።

መስኖ ስራሕቲ ግና ዝተወሰነ እቲ ሃፍቲ ዝነበሮም ሓረቶት ስራሕቲ ልምዓት መስኖ ከስፍሕዎ ድልየት ኣለዎም። ኣንሕና ግና ናይ ቴክንካል ፅንዓት ገለ ኢና ክንሕግዞም እንኽእል እምበር ካብኡ ዝሓለፈ ክንገብረሎም ኣይንኽእልን። እተን ናይ መስኖ ዝድግፋ ዝነበራ እኳ ገና ሐዚ እየን ምንቅስቃስ ዝጅምራ ዘለዋ። ኣብ ዝገብርኦ ዘለዋ ምንቅስቓስ ዘለወን ሽፋን ብጣዕሚ ኣብ ውሱን ቦታታት ጥራሕ ዝተገደባ 'የን። ኣብዚ ብዝበለፀ ትኹረት ተገይሩ ተዝስራሕ ብዙሕ ነገር መቃለለ ነይሩ። ብመሰረቱ ኣንሕና ናይ ክልል ፕረዝዳንት ዝመርሖ ሓዱሽ ግብረ ሓይሊ ኣለና 'ዩ። ኣብዚ ከምቢሮ እዚኦን እዚኦን ብቅልጡፍ እንተተሰሪሐን ዘሎ ፀገም ከቃልላ ይኽእላ እየን ኢልና ዝርዝር ናብቲ ግብረሓይልን ናብ ቢሮ ሕርሻን ኣቅሪብና ኣለና። እዚ ንምስራሕ ዘድሊ ገንዘብ ብዙሕ 'ዩ ናብ ክልተ ነጥቢ ሓሙሽተ ቢልየን ከባቢ 'ዩ። ዘሎ ዓቕሚ ኩሉ ኣብዚ ኣሰባሲብካ ግና ምስራሕ ይከኣል እዩ። ብፍላይ ህዝቢ ኣሳቲፍካ ኣብ ዝኮዓቱ ጎዳጉዲ ይኹን ምንጪ ማይን ኣብ ዝኣምሰሉ ነገራት ንምስራሕ እዩ ድልየታት ዘለውና። ይኹን እምበር ጥራሕ ኢድካ ስለዘይስራሕ ናይ መንግስቲ ኣካላት ኣብዚ ዓብይ ግደ ክገብሩ ትፅቢት ንገብር።

**ወጋሕታ:- ኣብ እዋን ጦርነት ኣብ ዕፅዋን ክባን እናሃለው ሓረስቶት መስኖ ኣብ ምስፋሕን ሓደሽቲ ቦታት ናብ ልምዓት ብምእታው ይሰርሑ ከምዝነበሩ ይሕበር 'ዩ። ሐዚኸ ነቲ ሓረስታይ ብምትሕብባርን ብምሕጋዝን ተመሳሳሊ ስራሕቲ ንምስራሕ እንታይ ዝስርሑ ስራሕቲ ኣለው?**

**ኣይተ ሞጎስ:-** ኣብኡ ሐዚ 'ውን እናሰራሕና ኢና ዘለና። ዝተፈላለዩ ሓረስቶት ቅርሺ ኣዋፂኦም ሓግዙና ይብሉና 'ዮም። ኣብዚ ዘይግቡእ ወፃኢታት ከይገብሩን ደሓር ናብ ግጭታት ከይኣትው ኣጠቃቅማ ማይ ክፈልጡ፣ ማሕበር መስሪቶም ሕጋዊ ኣብ ምግባር፣ ኣፍልጦን ንክወሃቦምን ካብኡ ብተወሳኺ ብሰብ ሞያታትና ኣቢልና ቴክኒካላዊን ብሓፈሻ ሞያዊ ሓገዝ ንገብረሎም ኢና። ዋላ 'ቶም ሓረስቶት እኺ ክንድኡ ዝኣክል ምልዕዓል የሃልዎም እምበር፤ ኣብ መስኖ ትግራይ ብጣዕሚ ኣሸጋሪ ዝኾነና ዘሎ ስእነት ገንዘብ ጥራሕ ዘይኮነስ ፀገም ሓይሊ ኤሌክትሪክ 'ውን 'ዩ። ሓይሊ መብራህቲ ናብ ኩሉ ዝባፃሕ ኣይኮነን። ጀኔነተር እንተኾነ 'ውን በቲ ሐዚ ዘሎ ዋጋ ብጣዕሚ ኽባራት 'የን። ምስዚ ተተሓሓዙ ፀገማት ብዙሓት ንርኢ ኢና። እቲ ሓረስታይ ኣብታ ግራቶም ኢንቨስት ናይ ምግባር ድልየት ፅቡቅ እኳ እንተኾነ ዘሎ ሕፅረት ፋይናንሻል ሐዚ ዘሎ ዋጋ ኣቁሑት ማይ ካብቲ ቅድም ክብል ዝነበረ ሓሙሽተ ሽዱሽተ ዕፅፊ ክሳብ ሚእቲ ፐርሰንት ዝወሰኸሉ ኩነታት 'ዩ ዘሎ።

ክሳብ ሐዚ ህፁፅ ምላሽ ኣብ ዝጠልቡ ከም ፅገናታት መስተ ማይ ኣብ ዝኣምሰሉ ካብ ሚንስትር ማይን ኢነርጅን ጀሚሩ ንማይ መስተ ዝውሃብ ዘሎ ኣውንታዊ ምላሽ ፅቡቅ 'ዩ። በቢእዋኑ ዝተፈላለዩ ኣቁሑታት ማይ ይሕግዙና 'ዮም በዚ ኣጋጣሚ 'ውን ከመስግን ይደሊ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ጥራሕ ንኣብነት ብቁፅሪ ንምፅራሕ ናብ 25 ዝኾና ፓንፕታት ልኢኾምልና ኣለው። ኣብ ከተማ መቐለ ጥራሕ ናብ 13 ሽሕ ዝኸውን ቆፃርታት ዝሃቡና ኣሎ ካልኦት 'ውን ከምኡ። ኣብታ ናይ መስኖ ግና ክሳብ ሐዚ ብዜካ ዝተወሰና ፕሮጀክት ዝጅምራ ዘለዋ ከምኡ 'ውን ናይ ሰቆጣ ዲክለሬሽን ዝበለ ጀሚረን ዝነበራ ፕሮጀክት ተዘይኮይኑ ካሊእ ሓዱሽ ነገር የለን። ናይ መስኖን ቆላማን ተባሂሉ 'ውን ስለዝተፈለየ ናይ መዋቅራዊ ፀገም ስለዘለዎ ናባና ብዙሕ ክመፅእ ኣይርኣይን ዘሎ። ኣብ መስኖ ንድሕሪት ምቅራይ ዝመስል ነገር ኣሎ። ኣብዚ ብዙሕ ትኹረት ዝተወሃቦ መሲሉ ኣይርእን ዘለኹ።

ትልሚ እተን ክለምዓ ዝኽእላ ቦታታት ኣብ ሽልፍ ኣቅሚጥናየን ኢና ዘለና። ቀስ እናበላ ናብ ተግባር ክልወጣ ዝኽእላ እየን። ብሓፈሻ ምንቅስቓስ ልምዓት መስኖ ከምቲ ናይ ማይ መስተ እናቀለጠፈልና ኣይኮነን። ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ማይ መስተ ብዙሕ ለውጢ ክነርኢ ኢና ኢልና ንሓስብ። ብርግፅ ብጣዕሚ መሰረታዊ ፀገማት ዘጋጠመን ከተማታት ኣለዋና ከም ከተማ ፍረወይኒ ብሚድያ ሪኢኹሞ እንተኾይንኹም ናብ 16ኪሎሜትር ዝኸውን ርሕቀት ማይ ኣሎ። እዚ ድማ ንዝተፈላለዩ ኣካላት ኣሪእናዮም ኢና። ዩኒሰፍ፣ ናይ ጀርመን ልምዓት ባንኪ ዝኣምሰሉ ሪኦሞ

“ብቡንባ ...ናብ ገፅ 6



# “ብቡንባ ዝሰርሓ ዝነበራ ዝዓነዋ ኩሰን ማያት ሉሚ ዓመት...

'ዮም። ከምቲ ቅድም ኢለ ዝበልኩኻ ሐዚ ኣብቲ ሕፁፅ ምላሽ ስለዘለና ክንድኡ ዝኣክል ናብ ሳላሳ ኣርብዓ ሚልየን ዝኸውን ቅርሺ የብልናን።

**ወጋሕታ:- ክሳብ ሐዚ ዝተሰርሑ ስራሕቲ እንታይ ይመስሉ? ብፍላይ ኣብቲ ፅቡቅ ስራሕቲ ተሰሪሑ 'ዩ ዝተብሃለሉ ኣብ ናይ መስተ ማይ ብቁፅሪ ዝፅርሑ ስራሕቲ እንተሃልዩም?**

**ኣይተ ሞጎስ:-** ሐዚ ትኽክለኛ ቁፅሪ ንምዝራብ ከሸብደኒ 'ዩ። ምኽንያቱ እዚ ሕቶ ሃንደበት 'ውን ስለዝኾነ። ካልኣይ ብዙሕ ዝበለ ቁፅሪ 'ዩ ዘለና። ክሳብ ሐዚ ቁፅሪ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ንምፍላጥ ፈንድ ራይዝ ገይርና ኣብ ኩሉ ዞባታት ጉጅለታት ኣጣይሽና ቆፀራ ብምግባር ኣብዚ ወርሒ ኣጠናቂቅና ሙሉእ ቁፅሪ ከነውፅእ ኢና። እቲ ዘሎ ሽፋን 'ውን ብቁፅሪ ክነውፅእ ኢና። ድሕሪ ኢቲ ጦርነት ከምዘለና ገምጋም ካብ ቁፅፅርና ወፃኢ ዘለዋ ከባቢታት ከይሓወስካ ኣንሕና ኣብ እንማሕድረን ከባቢታት ጥራሕ ልዕሊ 12 ሽሕ ዝኾና ሞተር ዘይብለን ናይ ኢድ ፓንፕ ማይ ዓንየን 'የን። እተን ሞተር ዘለወን ማያት 'ውን ዳርጋ ኩሉ ብዝብሃል መልክዑ ዓንየን 'የን። ይኹን እምበር ኣብ ምፅጋን ካብተን ትካላት ልምዓት ፅቡቅ ናይ ምትሕብባር ኩነታት ኣሎ 'ዩ። ከም ኣንፈት ቢሮ ማይን ኢነርጅን ብቡንባ ዝሰርሓ ዝነበራ ዝዓነዋ ኩሰን ሎሚ ዓመት ሚእቲ ብሚእቲ ፅጊንና ናብ ስራሕ ክነእትው ኢና ዝብል ትልሚ 'ዩ ዘሎ። ኣብዚ ፅቡቅ ጅማሮታት ኣሎ። እዚ ማለት ግና ምስ ፅገናየን ብድሕሪኡ ብዝተፈላለየ ከምናይ መብራሕቲ ፀገም ክቃፀላ ከለዋ ከምዘይፅገና ክንወስዶ ኣይንኽእልን። ይኹን እምበር ኣብዚ ዝሓሸ ነገር ኣለው 'ዮም።

ኣብዚ ክትርድአለይ ዘለካ ኣንሕና ፀጊንና ናብታ ዝነበረታ ጥራሕ ዘይኮነ እንመልሶስ፤ እቲ ህዝቢ ሙሉእ ብሙሉእ ካብናይ ጦርነት ስምዒት ወፂኡ ናብ ንቡር ብዝመልስ ብዝሐሸ መልክዑ ኢና ንሰርሖ። እዚ ስራሕ ተጀሚሩ 'ውን 'ዩ ዘሎ። ንኣብነት ሚኒስተር ማይን ኢነርጅን ምስ ዩኑሴፍ ኮይኖም ከምኡ 'ውን ማረት ምስ ኬር ኢትዮጵያ ኮይኖም ጀሚሮምዎ ዘለው፤ ሓንቲ ናይ ኢድ ፓንፕ እኹል ዓቅሚ ማይ ዘለዋ እንተኾይና ናብ ሶላር ኢነርጂ ብምቅያር ሮቶ ብምግባር ናብ ሓሙሽተ ሽዱሽተ ፓንፕ ብምግባር ብሓደ ግዜ ሹዱሽተ ጀሪካን ክመልእ ዘኽእል ይኸውን ኣሎ ማለት 'ዩ።

ኣብ ራሕቂ ዝነበራ ማያት 'ውን ናብቲ ነባሪ ምቅራብን ናብ ቤት ትምህርትታትን ጥዕና ጣብያታትን 'ውን ንክስፍሓ ይግበር 'ዩ። ስለዚ ክፅገና ከለዋ ናብ ዝሐሻ 'የን ንቅይረን ዘለና። ዘይሩ ዘይሩ ብዙሕ ስራሕቲ ይስራሕ ኣሎ 'ዩ። ንኣነትብት ብቁፅሪ ዝጥቀስ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ከባቢ እኳ ካብ ዓለምለኸ ቀይሕ መስቀል ናብ 150 ዝኸውን ናይ ኢድ ፓንፕ ሂቦምና ኣለው። እቲ ሰብዓ ዝኸውን ፓንፕ ባዕልና ክንተኽሎ ኢና ኢሎምና ኣለው። እቲ ሰማንያ ድማ ናብ ኢድና ኣረኪቦምና ኣለው ካብ መንግስትን ካብቲ ካብቲ ኢልና ክሳብ ሐዚ ማይ ዘይበፅሖም ከባቢታት ኣፅኒዕና ናብ ተግባር ክነእትዎ ኢና።

**ወጋሕታ:- ኣብ ምልማዕ ማይ ሃፍቲ ትግራይ ዕውት ስራሕቲ ንምስራሕ ካብ መን እንታይ ትፅቢት ይግበር?**

**ኣይተ ሞጎስ:-** ኣብዚ ዕውት ስራሕቲ ንምስራሕ ናይ ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት ተሳትፎን ምትሕብባርን የድልዮ 'ዩ። ካብ ክልል ዞባ ጀሚርካ ክሳብ ጣብያታት ዘሎ መዋቅር ንእሽተይ ምትዕርራይ ዘድልዮ 'ዩ። ማይ ሃፍቲ ጥራሕ ኣይኮነን ነዚ ዝሰርሖ። ኣሰራርሓና 'ውን ክነዘምንን ስራሕቲ ብቅልጣፈ ክንሰርሕ ኣለና። እቶም ስራሕቲ ብግቡእን ብቅልጣፈን ንክስርሑ ኣብ ታሕታዋይ ብርኪ ዘለው ኣመራርሓታት ኣብዚ ዘይንዓቅ ግደ ኣለዎም 'ዩ። ካልኣይ ኣብ ክልልን ፌደራልን 'ውን ምንባብ የድሊ 'ዩ። ሐዚ ኣንሕና ከም ቢሮ ማይን ኢነርጅን ዘሎ መዋቅራዊ ፀገም ብጥዕሚ 'ዩ ዘፀግመና። እቶም ኣብ ጣብያታትን ወረዳታትን ዘለው ሰብ ሞያ ማይ ምስ ሙሉእ ዓቅማም ኣይኮኑን ዘለው። ስለዚ ኣብዚ ዘለው ሰብ ሞያን ኣመራርሓን ብግቡእ ምስራሕን ዘይምስራሕን ናይ ባዕሉ ፅልዋ ኣለዎ 'ዩ።

ክሳብ ሐዚ ኩሎም መሓውራትና ክንረኽቦም ኣይከኣልናን ዘለና። ክሳብ ወረዳ ዘለው መሓውርና ጥራሕ ኢና ረኺብና ዘለና። ናይ ጣብያታት ሙሉእ መሓውራትና ክንረኽቦም ኣይከኣልናን። ነዚኦም ረኺብና ኦሬቴሽን መዕበይ ዓቅሚን ስልጠናታት ንምሃብ 'ውን ኣይከኣልናን። እዚ ንዘይምግባር ናይቲ መንግስቲ ክልል ናይ ፋይናንስ ፀገም 'ውን ኣሎ። እተን ዝወሃባና በጀት ውስናት እየን እንደልዮ ክንገብር ዘኽእል ኣይኮነን። ከምኡ 'ውን ከም ሃገር ምስ ሚኒስትሪ እቶት ወይ ምኒስትሪ ገንዘብ ብምዝርራብ ዝኾነ ትርር ዝበለ ውሳነ እንተዘይተወሲኑ ናይ ማይ ኣቁሑት እታወታት ንምእታው ብጣዕሚ ከቢድ 'ዩ። ከምዚ ዝበሉ ካብ ታክስ ነፃ ብምግባር ወይ ካሊእ ኣማራፂ እንተዘይተወሲዱ ኣፀጋሚ 'ዩ። ካብዚ ወፃኢ ኣብ ካሊእ ዘሎ ስራሕቲ ፅቡቅ ተወፋይነት ዝርኣየሉ 'ዩ ዘሎ።

**ወጋሕታ:- ፀገም ማይ ከተማ መቐለን ካልኦት ዝተፈላለያ ከተማታትን ንምፍታሕ ዝሕግዝ ስራሕቲ ኣብ ምንታይ ኩነታት ኣሎ ኣብዚ ሓገዝ መንግስቲ ፌዴራል እንታይ ይመስል?**

**ኣይተ ሞጎስ:-** ቅድም ከዝገለፅናዮ ንናይ ከተማ መቐለ ፀገም ማይ ንምቅላል ተወሳኺ ጎዳጉዲ ንምኹዓት ምድላው ከምዘሎን 17 ፓንፕታት ንምዕዳግ ኸይዱ ከምዝተወድኣ 'ዩ ዘለኒ ሓበሬታ። እዚ ድማ ነቲ ዘሎ ፀገም ከተንፍሶ ይኽእል ዩ። ቅድሚ 10 ዓመት ኣቢሉ ዝተሰርሐ መፅናዕቲ ከምዝሕብሮ ኣብ ከም መቐለ ዝበላ ዕብይ ዕብይ ዝበላ ከተማታት ናብ 400 ሽሕ ከባቢ ነባሪ ክህልወን 'ዩ ዝግመት ነይሩ። ሐዚ ዘሎ ግና ከተማ መቐለ ሒዛቶ ዘላ በዝሒ ሕዝቢ ናብ ሓደ ነጥቢ ክልተ ሚልየን ኣቢሉ ዝኸውን ከምዘሎ 'ዩ። እዚ ድማ እቲ ቅድሚ ሐዚ ኣብ ትካላት ማይ ትልሚ ተገይሩ እኹል ክኸውን 'ዩ ዝተብሃለ ሽፋን ማይ ንምሽፋን ዓቅሚ ኣይህልወንን። ቀስብቀስ ግና እተን ተጀሚረን ዝነበራ ፕሮጀክታት ማይ እንተዛዚምናየን ናይ ምፍታሕ ዓቅሚ ክህልዎ 'ዩ። ኣብ መቐለ ዘሎ ፀገም ማይ መሰረቱ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ማይ ናይ ምውሓድን ናይ ምብዛሕን ጥራሕ ዘኮነስ፤ እቲ ዘሎ ማይ ጨዋማ ምዃኑን ኣብ ብዙሕ ቦታት ብኽነት ማይ 'ውን ምህላው 'ዩ።

ናይ ከተማ ፍረወይኒ ፀገም ማይ ብዝምልከት ከቢድ ፀገም መስተ ማይ ኣሎ። ብኣና ወገን ኩሉ ኣማራፂ ክኾነልና ኣይከኣለን ንዕኡ ምስራሕ ዓቅሚ የብልናን። ምስጨነቅና ምስቲ ናይቲ ከባቢ ነባሪ ህዝቢ ብምዝታይ ኣብ ውሽጢ ዓድን ኣብ ወፅእን ዝርከብ ኩሎም ተወለድቲ ብምትሕብባር ሓቢርካ ዝስርሐሉ ኩነታት ኢና ከም መማረፂ ንወስድ ዘለና። ነዚ ዝኸውን ሰነድ ድማ ኣዳሊና ወዲእና ኣለና። ሓቢርካ ዝስርሐሉ ኣንፈት ካብ ምኽታል ወፃኢ ካሊእ ኣማራፂ የለን። ካብቲ ሕዝቢ 'ውን እዚ ንምስራሕ ዝተወሰነ ድልየት የርኢ ስለዘሎ ናብዚ ኣማራፂ ኢና ንኣትው ዘለና። እቲ ዘሎ ፀገም 'ውን ብሓደ ግዘ ክንፈትሖም ዓቅሚ ስለዘይብልና፤ እቲ ዝነበረ ሪዲዛይን ብምግባር ኢና ንምስራሕ ንሓስብ ዘለና ምኽንያቱ 16 ኪሎ ሜትር ፓይፕ ምግባር ምስቲ ሐዚ ዘሎ ልዑል ዋጋ ብጣዕሚ ከቢድ 'ዩ። ናይዚ ዋጋ ድማ 32 ሚልየን ክሳብ40 ሚልየን ከምዝውድእ 'ዩ ዝግመት።

**ወጋሕታ:- ብተመሳሳሊ ኣቅርቦት ሓይሊ ኤሌክትሪክ ትግራይ ኣብ ምንታይ ብርኪ ይርከብ? ዘሎ ሕፅረት ኣቅርቦት ንምምሕያሽ እንታይ ተሰሪሑም? እንታይ ንምስራሕኸ ዝተሓሰቡ ኣሎ?**

**ኣይተ ሞጎስ:-** ናብ ኣቅርቦት ኤሌክትሪክ እንተኸይድና ብጣዕሚ ሕፅረት 'ዩ ዘለና። ንስራሕቲ ልምዓት መስኖ ዓብይ ዕንቅፋት ዝኾነና ዘሎ ሓደ 'ውን ፀገም ኣቅርቦት ሓይሊ ኤሌክትሪክ 'ዩ። ኣብ ሓደ ሓደ ንምምሕያሽ ዝስርሑ ከም ስራሕቲ ኮንክሪት ኣዕምዲ ኣለው 'ዮም። ትራንስፎርመራት ኣብ ምርካብ ግና ዓብዩ ፀገም 'ዩ ዘሎ። ቅድሚ እቲ ጦርነት ኣትሒዙ ዝተኸፈለሎም ትራንስፎርመራት ክሳብ ሐዚ ኣይመፅኡን ዘለው። ንመስኖ ማያት ምስፍሕፋሕ ተባሂሉ ዝተኸፈለሎም ክሳብ ሓዚ ኣይሃቡናን ዘለው። ብኣና ዝንቀሳቃሳ ዘለዋና ሓይሊ ኤሌክትሪክ ንማይ መስተ እንጥቀመለን ብምኒስትሪ ማይን ኢነርጅ ፣ ዩኒሴፍን ብማረትን ዝሕግዙና ናሶላር ሓይሊ ኤሌክትሪክ 'የን።

ካሊእ ብብርኪ ሃገር ኣብ 11 ክልላት ዝትግበር ብዓለም ባንኪ ዝርከብ ናብ 5ሚልየን ከባቢ ካብ ኤሌክትሪክ ገመድ ንዝረሓቃ ትካላት ሓይሊ ኤሌክትሪክ ሶላር ብምስፍሕፋሕ ትካላት ማይ፣ ትምህርትን ጥዕና ጣብያታትን ንምስፍሕፋሕ ዝተተሕዘ መደብ ኣሎ። ከም ክልል ኣንሕና ናይ ባዕልና እንሰርሖ ብፅሒት ንሰርሕ ኣለና ኢና። ናብ 71 ዝኾና ትካላት ናብ ሶላር ንምቅያር ፋይል ኣፅፋፉ ኢሎምና ኣፅፊፍና ንፅበይ ኢና ዘለና። ካሊእ ባዮ ጋዝ 'ዩ ነይሩ። እዚ ትካል ፅቡቅ 'ዩ እናሰርሐ ፀኒሑ። እቲ ትካል በቲ ጦርነት ብዙሕ ዓንዩ 'ዩ ብተወሳኺ ድማ እቲ ፕሮጀክት ግዜኡ እናኣኸለ 'ዩ ዘሎ። ከምኡ ኮይኑ 'ውን ምስቲ ትካል ምዝርራብ ንገብር ኣለና ኢና።

**ወጋሕታ:- በኣይ ወገን ሒዘየን ዝነበርኩ ሕቶታት ወዲአ ኣለኹ። ኣብ ዘልዓልናዮ ጉዳይ ኣብ ማይ ይኹን ኣብ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ዝተረፈ ክግለፅ ኣለዎ ዝትብልዎ እንተሃልዩ ናይ መወዳእታ ዕድል ክህቦም?**

**ኣይተ ሞጎስ:-** ኣብዚ ክብሎ ዝደሊ እቲ ርድኢት ካብቲ ዝነበረ ዝሓሸ ክኸውን ይግብኦ ዝብል ኣለኒ። ነዚ ዝበለሉ ብዙሕ ምኽንያታት ኣለኒ ሓደ እቲ ድልየት ተጠቃምነት ማይ ንመስኖ ስራሕቲ ካብ ግዘ ናብ ግዘ እናወሰኸ ይመፅእ ኣሎ። ብኡ ኣንፃር ድማ ኣቁሑት ማይ ድማ ብጣዕሚ እናኸበሩ 'ዮም ዝኸዱ ዘለው፤ ካሊእ ድማ ናይ ድቅርን ዝተፈላለዩ ሕማማት ቅድሚ ዓመታት ጠፊኦም ኢልና ዘገመትናዮም ይመፅኡ ኣለዉ እሞ፤ ኣብዚ ዝሐሸ ልዑል ትኹረት ተዋሂብዎ ተዓፃፂፍካ ዝስርሐሉ ስርዓት ቢሮክራሲ ክፍጠር ኣለዎ ይብል።

*ወጋሕታ:- ግዚ ኦም ሰዊኦም ንዝሃቡኒ ሓበሬታ የቐንየለይ።*

## ‹‹ዝተደኸመት ኢትዮጵያ...

ዝሰርሑ ሓይልታ ኣለዉ ኢሎም።

ብኻልእ ወገን ኢትዮጵያውያን ኮይኖም ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ወፍሪ ዝኸፈቱ ሰባት ተልእኾ ተቐቢሎም ዝሰርሑ ‘ዮም ዝበሉ እቶም ፊልድ ማርሻል፤ ሰራዊት ኢትዮጵያ ጥንኩር ሰራዊት ከም ዝኾነን እዚ ድማ ፀላእቲ ከም ዝፈልጡ ብምሕባር፤ እቲ ሰራዊት ክዳኸም ስለ ዝደልዩ ብዙሓት ዕሱባት ዓዲጎም ‘ዮም ክብሉ ተዛሪቦም።

ኣብ ዓዲ ናትና ዝብልዎም ዕጡቓት ብምቅላስን ድሌቶም ከይሳኻዕ ብምግባርን ዝሰርሐ ሰራዊት መከላኸሊ ‘ዩ ዝበሉ እቶም ፊልድ ማርሻል፤ መከላኸሊ ንሳቶም ዝደልይዎ ብዕጥቅን ብሰላማዊ ሰልፍን ኣቢሎም ሃገር ንምፍራስ፤ ጎንፂ ንምፍጣር ዝገብርዎ ዝመከቶ መከላኸሊ ‘ዩ ኢሎም።

‹‹እቲ ሰራዊት ተበቲኑ ‘ዩ፤ ብጀነራል ተፃሊኦም፤ ጀነራል እኸለ ተቐፂዑ ‹‹ዝብሉ ትምኒታት ኣይኽልኡን›› ምስ በሉ መከላኸሊ ኣብ ጥንኩር ከውሒ ዝተሃነፀ 'ዩ፤ ዘፍርስ ኣጀንዳ ብዝመፀ ቑፅሪ ዝጋገይን ዝፈርሕ ትካል ኣይኮነን ኢሎም።

ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ከም ዝገለፅዎ፤ መከላኸሊ ኣብ ጥንኩር መሰረት ዝተሃነፀ ብናይ ባዕሉ ትምህርቲ፣ ስነ ስርዓት ዝተሃነፀ ‘ዩ። ዕላምኡ፣ ንመን ከምዝዋጋእን ንምንታይ ከም ዝዋጋእን ዝፈልጥ ቑሸታውነት ዘይብሉ ኢትዮጵያውነት ዝተላበሰን ኢትዮጵያ ናይ ምሕላው ተልእኾ ዝወሰደ ‘ዩ።

ተልእኾ ሰራዊት መከላኸሊ ልኣላውነት እዛ ሃገር ምሕላው ‘ዩ ዝበሉ እቶም ፊልድ ማርሻል፤ ክሕልው ከሎ ድማ ጠረፍ ሓፂሩ፣ ዕርዲ፣ ሰልፊ ሰሪሑ ኣይኮነን፤ ሰራዊት መከላኸሊ ልኣላውነት ሃገሩ ዝሕልው ዓርሱ እናሃነፀ፣ እናተዓጠቐ፣ እናሰልጠነ፣ ዓቕሙ እናዕበየ እናተደራጀወን ‘ዩ ክብሉ ገሊፆም።

እቲ ኻሊእ ድማ ሰራዊት መከላኸሊ ልዕሊ ዓቕሚ ፖሊስ ዝኾነን ሕገ መንግስታዊ ስርዓቱ ብሓይሊ ንምውዳቕ ዝመፀ ዝኾነ ውሽጣዊ ሓይሊ ክቆፃፀር ከም ዘለዎ ተልእኾ ተዋሂብዎ ‘ዩ ኢሎም።

## ተቋሪፁ ዝፀንሐ ፕሮጀክት ...

ዝተረኸብኩሉ ምስ ሚኒስትሪ ማይን ኢነርጅን ከምዝዘተዩ ዝሓበሩ ኣይተ ሞገስ፤ ተሪፍዎ ዘሎ ስራሕቲ “ቲሪትመንት ፕላንትን” ዝርግሐ ፓይፕ ን' ኣብ ቀረባ ክጅምር 'ዩ ኢሎም።

ኣብ ዝተረፉ ስራሕቲ ስቪል ወርክን ናይ ፓይፕ ገጠማን እቲ ፕሮጀክት ብዝተመልከተ ምስቲ ዝነበረ ኮንትራክተር ዝርርብ ከምዝገበሩ ዝገለፁ ኣይተ ሞጎስ፤ እቲ ዝነበረ ውዕሊ ተሓዲሱ ኣብቐረባ እዋን ናብ ስራሕ ክኣትው 'ዩ ክብሉ ኣብሪሆም።

ክሳብ ሐዚ ህፁፅ ምላሽ ኣብ ዝጠልቡ ከም ፅገናታት መስተ ማይ ኣብ ዝኣምሰሉ ካብ ሚንስትር ማይን ኢነርጅን ጀሚሩ ንማይ መስተ ዝውሃብ ዘሎ ምላሽ ፅቡቅ ከምዝኾነ ገሊፆም።

“ሚንስትር ማይን ኢነርጅን በቢእዋኑ ዝተፈላለዩ ኣቁሑታት ማይ ይሕግዙና 'ዮም” ዝበሉ ኣይተ ሞጎስ፤ ኣብዚ ቀረባ እዋን ጥራሕ ናብ 25 ዝኾና ፓንፕታት ልኢኾምልና ከምኡ 'ውን ኣብ ከተማ መቐለ ጥራሕ ናብ 13 ሽሕ ዝኸውን ቆፃርታት ሂቦምና 'ዮም ክብሉ ገሊፀለም። ንዝተገብረ ሓገዝ 'ውን ኣመስጊኖም።

ክሳብ ሐዚ ኣብ ብዙሕ ከባቢ ስራሕቲ ፅገናታት እናተሰርሐ ከምዝፀንሐ ዝገለፁ ኣይተ ሞጎስ፤ ኣብ ቀረባ እዋን ድማ ምስተን ኣጋራት ልምዓት ብሓባር ኮይኖም ተወሰኽቲ ስራሕቲ ንምስራሕ ትልሚ ከምዘለዎም ወሲኾም ሓቢሮም።

ከምኡ 'ውን ኣይተ ሞጎስ ከምዝበልዎ፤ ናይ “ካልኣይ ፕሮጀክት ቀረብ ማይን ፅሬትን ከተማታት” ተጠቀምቲ ዝኾና ከተማ መቐለን ዓዲግራትን ብሰንኪ እቲ ጦርነት ተቋሪፀን ዝነበራ ዳግም ናብ ስራሕ ክኣትያ 'የን ዝብል ተስፋ ስለዘሎ። እዚ ድማ ነቲ ዘሎ ፀገም ከተንፍሶ ይኽእል 'ዩ። ዘላቒ መፍትሒ ግና ኣይኮነን።

ፕሮጀክት ዝርግሐ ዝስተማይ ከተማ መቐለ ገረብ ግባ ኣብ ዝምልከት ብሚኒስትር ፋይናንስን ምኒስትር ማይን ኢነርጅን ዝተወሰኑ ከይድታት ከምዘለው ዝገለፁ ኣይተ ሞጎስ፤ ይኹን እምበር ብጣዕሚ ዝንግዕ ዝበሉ ነገራት 'ዮም ዘለው ክብሉ ተዛሪቦም።

ህፁፅ ምላሽ ኣብ ዝጠልቡ ከም ፅገናታት መስተ ማይ ዘሎ ንጥፈት ስራሕቲ ዘመስግኑ ኣይተ ሞጎስ፤ ብተመሳሳሊ ኣብ ስራሕቲ መስኖ ብዙሕ ትኹረት ከምዘይተወሃቦ ብምግላፅ ኣብዚ 'ውን ትኹረት ንክወሃቦ ፀዊዖም።

## ብምፍጣርን ብምቕልጣፍን...

ዘላቒ ልምዓት ንክህልው ምስራሕ የድሊ ኢሎም።

መፃኢ ተስፋን ዓወትን ሃገር ጋህዲ ንምግባር ብምፍጣርን ብምቕልጣፍን ምስራሕ ከምዝግባእ ሓቢሮም፤ እዚ እዋን ፈጠራን ቕልጣፈን ዝሓትት ብምዃኑ ነዚ ዘመን ብዝምጥን ደረጃ ምስራሕ ከምዘድሊ ገሊፆም።

መፃኢ ሃገራዊ ብልፅግና ኢትዮጵያ ጋህዲ ንምግባር ዓውደ ርእይ ኣቪዬሽን ኢኖቬሽን ምስላጥ ወሳኒ ምዃኑ ዝገለፁ እቶም ኣፈ-ጉባኤ፤ ሓዱሽ ወለዶ ብሓዱሽ ኣተሓሳስባ ንፍልጠትን ንስራሕን ዝተግህ ዜጋ ንክኸውን ምስራሕ የድሊ ክብሉ ተዛሪቦም።

ንድፊ ሓሳባት ምርምር ዩኒቨርስትታትን ትካላት ምርምርን መሰረት ብምግባር ምህዞታትን ሓደሽቲ ርኽበታትን ምጥቃም ከምዘድሊ ሓቢሮም፤ ስራሕቲ ምህዞ ንሃገራዊ ልምዓትን ዕብየትን መሳልል ገይርካ ብምጥቃም ብልፅግና ክነረጋግፅ ኣለና ኢሎም።

ከምሃገር ሓደሽቲ ኣተሓሳስባታት ምልባስን ኩለመዳያዊ ለውጢ ምምፃእን የድሊ ዝበሉ እቶም ኣፈ-ጉባኤ፤ በቢ ትካላት ዝተጀመሩ ባህልታት ስራሕ ምችዋት ምግባር ከምዝግባእ ‘ውን ኣመላኺቶም።

ከምሃገር ፈጠራ ስራሕ ንምብርትታዕ ዝተጀመሩ ስራሕቲ ተጠናኺሮም ክቕፅሉ ከምዝግባእ ገሊፆም፤ ብፍላይ ‘ውን ንድሕሪት ዝጎቱን ውፅኢት ኣልቦ ዝኾኑን ምንቅስቓሳት ምክልኻል ከምዝግባእ ኣተሓሳሲቦም።

መንግስቲ ንፈጠራ ስራሕ መናእሰይ ዝገብሮ ድጋፍ ኣጠናኺሩ ከምዝቕፅል ገሊፆም፤ መናእሰይ ብፈጠራ ስራሕ ተሓጊዞም ሃገራዊ ዕብየት ንምርግጋፅ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ብፅሒቶም ክዋፅኡ ይግባእ ኢሎም።

ሚኒስትር ትራንስፖርትን ሎጂስቲክስን ኣለሙ ስሜ (ዶ/ር) ብወገኖም፤ ዘፈር ኣቪዬሽን ሃገርና ንዝጀመረቶ ጉዕዞ ብልፅግና ብምስላጥ ንኩለመዳያዊ ዕብየት ዘይትካእ ግደ እናተፃወተ ‘ዩ።

መንግስቲ መናእሰይ ናብ ስራሕቲ ፈጠራ ስራሕ ንክኣትዉ እናገበረ ይርከብ ዝበሉ ዶክተር ኣለሙ፤ እቲ ዘፈር ብሃገር በቆል ውፅኢታት ፈጠራ ንክሕገዝ ዝተዳለወ ኤክስፖ ምዃኑ ‘ውን ገሊፆም።

ምስ ቴክኖሎጂ ዝስጉሙን ክእለት ምህዞ ዘለዎምን መናእሰይ ብበዝሒ ምፍራይ ከምዘድሊ ሓቢሮም፤ ድሕሪ እቲ ለውጢ ንምህዞን ክእለትን መናእሰይ ጠመተ ተዋሂቡ እናተሰርሐ ይርከብ ኢሎም።

ዋና ዳይሬክተር በዓል መዚ ሲቪል ኣቪዬሽን ኢትዮጵያ ኣይተ ጌታቸው መንግስቱ ከምዝገለፅዎ፤ ንኢትዮጵያ ቐንዲ ማእኸል ኣቪዬሽን ኣፍሪካ ብምግባር ብብርኪ ዓለም ለኸ ተወዳዳራይ ዝኾነ ኢንዱስትሪ ኣቪዬሽን ንምህናፅ እናተሰርሐ ‘ዩ ኢሎም።

ኣብቲ ዘፈር ሕዚ ዘለዉን ዝመፁን ቴክኖሎጂታት ኣቪዬሽን ንምጥቃም ዓቕሚ ምህናፅ ከምዝግባእ ገሊፆም፤ ብፍላይ ‘ውን ስግግር ቴክኖሎጂ ምግባርን ኣብ መፃኢ ቴክኖሎጂታት ኣቪዬሽን ንምውናን እናተሰርሐ ከምዝኾነ ተዛሪቦም።

ከምገለፃ ኣይተ ጌታቸው፤ ምስ ሚኒስቴር ትራንስፖርትን ሎጂስቲክስን ብምዃን ብሄራዊ ፍኖተ ካርታ ልምዓት ቴክኖሎጂ ኣቪዬሽን እናተዳለወ ‘ዩ።

ዕላማ እቲ ኤክስፖ ብናይ ባዕሎም ምልዕዓል ኣብ ዓውዲ ኣቪዬሽን ኣብ ስራሕቲ ምህዞ ንዝተዋፈሩ መናእሰይ ምብርትታዕ እንትኸውን፤ ብፍላይ ኣብቲ ዘፈር ቴክኖሎጂን ኢኖቬሽንንን ንክስፋሕፋሕ ኣብ ምግባር ዝጠመተ ‘ዩ ኢሎም።

ኣብቲ ዓውደ ርእይ 95 መናእሰይ ብሓባርን ብውልቀን 90 ውፅኢት ስራሕቲ ምህዞኦም ከምዘቕርቡ ገሊፆም፤ 34 ውልቃውን መንግስታውን ትካላት ‘ውን ኣብቲ ዘፈር እናሰርሕዎ ዝርከቡ ስራሕቲ ምህዞ ከምዘቕረቡ ገሊፆም።

እቲ ኤክስፖ ክሳብ 6 ታህሳስ ዝፀንሕ እንትኸውን፤ በዓል መዚ ኣቪዬሽን ምስ ትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ብምዃን ዘዳለዎ ዓውደ ርእይ ፎቶግራፍ ‘ውን ንምርኢት ቀሪቡ።

ወጋሕታ **ዜና**

# እቲ ሃገራዊ ምኽክር ንኹሉ ዝሓቁፍን ኣሳታፍን ክኸውን ትኹረት ተዋሂብዎ እናተሰርሐ ‘ዩ

**ሄርሞን ፍቃዱ**



መላኩ ወልደማሪያም

ኣዲስ ኣበባ፡- እቲ ሃገራዊ ምኽክር ሃገር ናይ ምስጋር ተልእኾና ንኽሳኻዕ እቲ ኸይዲ ኣሳታፍን ንኹሉ ዝሓቑፍን ንምግባር ሰፊሕ ትኹረት ሂብና እናሰራሕና ኢና ክብሉ ኮምሽነር ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ መላኩ ወልደማሪያም ገሊፆም።

እቶም ኮምሽነር ዓውደ ፅንዓት ኮሚቴ ኣማኻሪ ሃገራዊ ምኽክር ኣብ ኣዳማ ዝተገበረ መድረኽ ከም ዝገለፅዎ፤ ሃገራዊ ምኽክር ኮምሽን ካብ ዝተጣየሸሉ እዋን ጀሚሩ ዓብዪ ሃገራዊ ሓላፍነት ንኽዋፃእ ብርክት ዝበሉ ተግባራት ኣብ ምስራሕ ይርከብ። እቲ ኮምሽን ተልእኹኡ ንምስኻዕ ተሳተፍቲ ናይ ምፍላይን እቲ ኸይዲ ኣካታትን ኣሳታፍን ንምግባር ኣብ መላእ ሃገር ተግባራዊ ምንቅስቓስሳት እናገበረ ‘ዩ።

እቲ ኮምሽን « ኣብ ኢትዮጵያ ዝተፈላለዩ መራሕቲ ሓሳባት፣ኣብ መንጎ ፖለቲከኛታትን መራሕቲ ማሕበረሰብን መሰረታውን ሃገራውን ኣብ ዝኾኑ ጉዳያት ንዝርኣዩ ናይ ሓሳብ ኣፈላላያት መሰረታዊ ዝኾኑ ምኽንያታት ካብ መሰረቶም ብምርኣይ፤ ዕሙቕ ዝበለ ዘተ ክግበረሎም ብምግባ ምርድዳእ ብምፍጣር፤ ሃገር ናይ ምስጋር ተልእኾ ንኽሳኻዕ እቲ ኸይዲ ሓቋፍን ኣሳታፍን ንምግባር ሰፊሕ ትኹረት ሂብና እናሰራሕና ኢና» ኢሎም።

ዘይምርድዳኣት ብምኽክር ናብ ምርድዳእ ምቕያር ኣለና ዝብል ኣተሓሳስባ እቲ ኮምሽን ካብ ዝጣየሸ ጀሚሩ ናይ ወለዶ ሓደራ ንምውፃእ ቃል ኪዳን ኣትዩ ስራሕቱ እናካየደ ይርከብ ኢሎም።

ብብርኪ መምርሒ ኣካታትነት ዓብዪ ቦታ ዝሓዘ ‘ዩ ዝበሉ እቶም ኮምሽነር፤ ብኸይዲ እቲ ምኽክር ኹሉ ዜጋ ሓቋፊ ንምግባር ስርዓት ኣሰራርሓ ተዘርጊሑ ናብ ስራሕ ከምዝተኣተወ ኣመላኺቶም።

እስካዕ ሐዚ ዝተሰርሐ ድማ ኣብ ድሬዳዋ፣ ሃረሪ፣ ሲዳማ፣ ደቡብ ምዕራብ፣ ጋምቤላ፣ ቤንሻንጉል ጉሙዝ ተሳተፍቲ ናይ ምፍላይ ስራሕቲ ከም ዝተሰርሐ ገሊፆም። ኣብ ኻልኦት ከባብታት ናይ ተሳተፍትን ተሓባባርቲ ኣካላትን ከም ዝቕፅል ድማ ተዛሪቦም።

ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት ዝግበር ስራሕቲ ምፍላይ ተሳተፍቲ ፣ኸይዲ ምኽክር ውፅኢታዊ ንክኸውንን ምርድዳኣት ብዝተማልአ መገዲ ንኽፍፀሙ ኣስተዋፅኦ ከም ዘለዎ ብምእማን ኮሚቴ ኣማኻሪ ብምስያም ናብ ስራሕ ንኽኣትዉ ከም ዝተገበረ ጠቒሶም።

ኣባላት ኮሚቴ ኣማኻሪ ካብ መላእ ኢትዮጵያ ብዝተፈላለየ ሸነኽ ሰፊሕ ተቐባልነት ዘለዎምን ዝተመስከረሎም ኢትዮጵያውያን ከም ዝኾኑ ብምግላፅ፤ እቲ ኮሚቴ ዝተሳኸዐ ሃገራዊ ምኽክር ንምግባር ኣብ ምምኽኻር ዓብዪ ኣስተዋፅኦ ከም ዘለዎ ተዛሪቦም።

እቲ ኮሚቴ ነቲ ኮምሽን ንምምኽኻር ዝተውሃ ሓላፍነት ንኽዋፃእ ዝሕግዝ ተግባር ዕቅድ ብምድላው እስካዕ ሐዚ እናሰርሖ ዝነበረ ኣጠናኺሩ ንክቕፅል ድማ ኣገንዚቦም።

ኣብዚ ሰሙን ኣብ ከተማ ኣዳማ ዝተጀመረ ዓውደ መፅናዕቲ እቲ ኮምሽን ኣፍቲ ሃገራዊ ምኽክር ዘጋጥሙ ፀገማትን መፍትሕታቶምን ከምኡ ‘ውን ዓለምለኸ ተሞክሮታት ኣማኻሪ ኮምሽንን ኻልኦት ግንዛቤ ተኮር ዘተታት ተኻይዱ ‘ዩ።



# ንልዕሊ 6 ነጥቢ 5 ሚሊዮን ዝኾኑ ዜጋታት ሳልሳይ ዙር ረድኤት ክባፃሕ ‘ዩ

**ሄርሞን ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ብተፈጥራውን ሰብ ሰራሕን ሓደጋታት ዝተጎድኡ ልዕሊ 6 ነጥቢ 5 ሚሊዮን ዜጋታት ሳልሳይ ዙር ረድኤት ከም ዝባፃሕ ኮምሽን ኣመራርሓ ሓደጋ ስግኣት ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ።

ርክብ ህዝቢ ላዕለዋይ በዓል ሞያ ኣይተ ኣታለለ ኣቡሃይ ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ከምዝበልዎ፤ መንግስቲ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ንኽልተ ግዘ ብዝተፈላለየ ሓደጋ ንዝተጎድኡ ዜጋታት ረድኤት ከም ዘሰራጨወ ብምሕባር፤ ካብዚ ሰሙን ጀሚሩ ሳልሳይ ዙር ረድኤት ንምብፃሕ መዳርግቲ ኣካላት ብምትሕብባር ቐዳምነት ክውሃቦም ንዝግባእ፤ ትኹረትን ሓገዝን ንዘድልዮም ክፋላት ሕብረተሰብ ረድኤት ንምሃብ ምድላዋቱ ከም ዝወገነ ገሊፆም።

ከም ገለፃ ኣይተ ኣታለለ፤ ብምኽንያት ውሕጅ፣ ድርቂ፣ ጎንፅታትን ንዝተመዛበሉ ልዕሊ 6 ነጥቢ 5 ሚሊዮን ዜጋታት ልዕሊ 867 ሽሕ ኲንታል ምግብን ገንዘብን ንምልጋስ ቅድመ ምድላው ተገይሩ ‘ዩ።

ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ረድኤት ንዘድልዮም ዜጋታት ሓገዝ ንምግባር ተሸከርከርቲ ምንቅስቓስ ከም ዝጅምራ ብምሕባር፤ እዚ ድማ ብገንዘብ እንትትመን ልዕሊ 8 ነጥቢ 6 ቢሊዮን ብር ከም ዝኾነ ተዛሪቦም።

ከም ገለፃ እቶም በዓል ሞያ፤ ልዕሊ 560 ሚሊዮን ብር ብጥረ ገንዘብ ክባፃሕ ‘ዩ። እዞም ዜጋታት ኣብ ኸባቢኦም ካብ ዘሎ ዕዳጋ መግቢ ክረኽቡ ክግበር ‘ዩ።

ሳልሳይ ዙር ረድኤት ብሓደጋ ድርቂ ዝተጠቕዑ ኸባብታት ሰሜን ኢትዮጵያ ፍሉይ ትኹረት ዝወሃቦም እንትኾኑ፤ መጠን እቲ ገንዘብ ቕድሚ ሐዚ ብኽልተ ዙር ካብ ዝተውሃበ ንላዕሊ ከም ዝኾነ ገሊፆም።

ኮምሽን ኣመራርሓ ሓደጋ ስግኣት ኢትዮጵያ ንሳልሳይ ዙር ናብ ረድኤት ዝተመለሱ መዳርግቲ ኣካላት ብምትሕብባር ብብርኪ ሃገር ቐዳምነት ሓገዝ ንዝደልዩ ዜጋታት ሓገዝ ክገብር ‘ዩ። ህፁፅ ሓገዝ ንዘድልዮም ክፋላት ሕብረተሰብ ረድኤት ንምሃብ ኣድላዪ ምድላዋት ከም ዝተወገነ ገሊፆም።

ብመዳርግቲ ኣካላት እናተገበረ ዝፀንሐ ረድኤት ምቁራፁ ስዒቡ መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ተረዳእቲ ዝበፅሐ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ፅዕንቶ ንምቕራብ ፃዕሪ እናገበረ ፀኒሑ ‘ዩ። በቲ ዝተውሃበ ህፁፅ ሓገዝ ኣብ ኽልተ ተኸታተልቲ ዙራት 7 ነጥቢ 9 ቢሊዮን ብር ዘውፅእ ብዓይነትን ብገንዘብን ን7 ነጥቢ 3 ሚሊዮን ዜጋታት ከም ዝተባፅሐ ዝዝከር ‘ዩ።

# ኣፍደገ ባሕሪ ምርካብ ንኢትዮጵያ ዝተረጋገፀ ፖለቲካዊ ሃዋህው ንምፋጣር ወሳኒ ‘ዩ

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣፍደገ ባሕሪ ምርካብ ንኢትዮጵያ ካብ ኢኮኖሚያዊ ረብሓኡ ሓሊፉ ዝተረጋገፀ ፖለቲካዊ ሃዋህው ንክህልው ወሳኒ ከምዝኾነ ኣብ ዩኒቨርስቲ ወሎ መምህርን ተመራማሪን ታሪኽ ኣለማየሁ እርቅይሁን (ዶ/ር) ተዛሪቦም።

እቶም ተመራማሪ ከምዘብርህዎ፣ ኣፍደገ ባሕሪ ምህላው ንሓንቲ ሃገር ዘፈር ብዙሕ ኢኮኖሚያዊ ረብሓ ኣለዎ፤ ከም ኢትዮጵያ ንዝበላ ሃገራት ድማ ኣፍደገ ባሕሪ ምህላው ካብዚ ሓሊፉ ‘ውን ዝተረጋገፀ ፖለቲካዊ ሃዋህው ንኽፍጠር ዓብዪ ግደ ይህልዎ።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ምኽባር መነባብሮ ምውሳኽ ከምኡ ‘ውን በዝሒ ህዝብን ቁፅሪ ስራሕ ዝሰኣኑን ምውሳኽ ኣብ ሃገርና ከምዝረኣይ ዝተዛረቡ ዶክተር ኣለማየሁ፤ እዚ ብቕጥታ ፖለቲካዊ ዘይምርግጋእ ንኽፍጠር በሪ ዝኸፍት ‘ዩ ኢሎም።

ብኣንፃሩ ኣፍደገ ባሕሪ ምህላዉ ናብ ዕዳጋ ወፃኢ ንምቕራብን ናብ ውሽጢ ሃገር ንምእታውን ዝሕግዝ እንትኸውን ነዚ ስዒቡ ፈጠራ ዕድል ስራሕ ‘ውን ዝስፉሕፍሕ ይኸውን። እቲ ሕቶ እዞም ፀገማት ኣብ ዝተስፋሕፍሕሉ ኣብዚ እዋን በዚ ወለዶ ምቕራቡ ግቡእን ነዚ እዋን ዘገናዘበን ‘ዩ ኢሎም።



ኣብዚ ሕዚ እዋን ከም ኣሜሪካ፣ ቻይና፣ ኢራንን ቱርክን ዝኣመሰላ ሃገራት ንጅቡቲ ሓዊሱ ንምብራቕ ኣፍሪካ ንምቅድዳምን ብሄራዊ ረብሐአን ንምሕላውን እናተንቀሳቐሳ ከምዝኾና ዝገለፁ ዶክተር ኣለማየሁ፤ ኢትዮጵያ ‘ውን ካልኦት ሃገራት ረብሐአን ንምርግጋፅ ክንድዚ እናተንቀሳቐሳ ኣብ ቐረባ ተቐሚጣ ሱቕ ኢላ ክትሓልፎ ኣይትኽእልን ክብሉ ተዛሪቦም።

ዶክተር ኣለማየሁ ከምዝገለፅዎ፤ ኣብዚ እዋን ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት ዝጀመረኦ ብጥምረት ናይ ምስራሕ ምንቅስቓስ ኣሎ። ጉዳይ ኣፍደገ ባሕሪ ምርካብ ቐዳምነት ዝወሃቦ ብሕታዊ ጉዳይ መንግስቲ ኣይኮነን።

ብምኧኑ ‘ውን ካልኦት ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት ሕቶ ኢትዮጵያ ክስማዕ ኣብ ምግባር መዳይ ዓብዪ ግደ ክፃወታ ይኽእላ ‘የን። ብተወሳኺ ‘ውን ካብ ኵናት ወፃኢ ዘለዉ መማረፂ መገድታት ከመላኸታ ይኽእላ ‘የን። ከምኡ ‘ውን ቑፅሪ ስራሕ ዝሰኣኑ ምብዛሕን ሓፈሻዊ በዝሒ ህዝቢ ምውሳኽን ብዝምልከት እናተፈጠረ ዝርከብ ፀገም ኣታሓሳሳባይነት ‘ውን ንጎረባብቲ ሃገራት ኮነ ንኻልኦት ንኢትዮጵያ ዝድግፋን ክፈልጣ ንምግባር ይጠቅም።

ጉዳይ ኣፍደገ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ኢኮኖሚ ወይ ዝተረጋገፀ ፖለቲካዊ ሃዋህው ምህላው ዘይምህላው ጥራሕ ዘይኾነስ ታሪኻዊ መንነት ምስ ምስኣን ‘ውን ዝተሓሓዝ ‘ዩ ዝበሉ ዶክተር ኣለማየሁ፤ እቲ ከባቢ ስልጣነ ሃገርና ዝነበሮ ቦታ ከም ምኧኑ ካብ ኢኮኖሚያውን ፖለቲካዊን ረብሕኡ ሓሊፉ ሕቶ ታሪኻዊ መንነት ዝምልስ ‘ዩ።

ጉዳይ ኣፍደገ ባሕሪ ኢትዮጵያ ካብ መሰረቱ እንትረኣይ ኢትዮጵያ ኣብ ኣፍሪካ ናይ ባዕለን ስልጣነ ካብ ዝነበረን ሃገራት መንጎ ‘ያ ነይራ። ምስ ዝተፈላለያ ሃገራት ዓለም ርክብ እናገበረትን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዓባይ ፅዕንቶ ፈጣሪት ዝነበረትን ሃገር ‘ውን ‘ያ። ሃገራት ኣውሮፓ፣ ኤስያን ላቲን ኣሜሪካን ‘ውን ምስ ኢትዮጵያ ጥንኩር ርክብ ነይርወን።

“ክሳብ ቐረባ ግዜ ሕቶ ኣፍደገ ባሕሪ ምልዓል ከም ገበን ይረኣይ ነይሩ፤ ሕዚ እዚ ተቐይሩ ‘ዩ። ብኣንፃሩ ብዙሓት ሰባት ንኢትዮጵያውያን ሓዊሱ ጉዳይ ኣፍደገ ባሕሪ ብኵናት ጥራሕ ዝፍታሕ ገይሮም ይምልከትዎ። እዚ ግና ስሕተት ‘ዩ። ኻልኦት መማረፅታት ምጥቃም ይከኣል ‘ዩ። እዚ ኾይኑ ‘ውን ኩሎም ኣካላት በዚ መዳይ መንግስቲ ኾነ ብሓባር ንምስራሕ ዝተኣኻኸቡን ብመዳይ ዲፕሎማሲ እናተሰርሐ ዘሎ ስራሕን ክድገፍ ይግባእ” ክብሉ መልእኽቶም ኣሕሊፎም።

# ማሕበር ልምዓት ትግራይ ብቕዓት ዘለዎም ተምሃሮ ብምፍራይ ዘላቒ ልምዓት ንምርግጋፅ እናሓገዘ ‘ዩ

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣብቲ ክልል ብቕዓት ዘለዎም ተምሃሮ ብምፍራይ ዘላቒ ልምዓት ንምርግጋፅ ንዝስርሑ ስራሕቲ እናሓገዘ ምኧኑ ፕሬዚዳንት ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ኣይተ ጌታቸው ረዳ ገሊፆም።

ፕሬዚዳንት ኣይተ ጌታቸው ረዳ ነዚ ዝገለፁ ብማሕበር ልምዓት ትግራይ ዝተሰርሐን መበል 25 ዓመት በዓል ምስረታን ኣብ ዘኽብር ፍሉይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ቓላሚኖ ኣብ ዝተዳለወ ስነ-ስርዓት ተረኺቦም ኣብ ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ ‘ዩ።

ኣብቲ መልእኽቶም ማ.ል.ት ዘሰርሖ ፍሉይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ቓላሚኖ ኣብ ውሽጢ እቲ ክልል ብቕዓት ዘለዎም ተምሃሮ ንምፍራይ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ዝለዓለ ግደ ኣለዎ።

ኣብ ዝሓለፉ 25 ዓመታት ካብዚ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ብዙሓት ዓቕምን ኽእለትን ዘለዎም ተምሃሮ ከምዝተረኽቡ ብምሕባር፤ “እቲ ማሕበር ልምዓት ኣብ ሃገርና ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ብምውፋር መሰረታዊ ዕብየት ንኽምዝገብ ግደኡ ዝዓዘዘ ‘ዩ ኢሎም።

እቶም ፕሬዚዳንት ከምዝገለፅዎ፤ ማ.ል.ት ዲጂታል ትምህርቲ ብምስፍሕፋሕ ኸይዲ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝዘመነ ንምግባር ‘ውን ዝሓዞ ራእይ ጋህዲ ንክኸውን ህዝቢ እቲ ክልል ኣብ ጎኑ ብምስላፍ ብፅሒቱ ክዋፃእ ትፅቢት ይግበረሉ።

ኣካቢ ቦርድ ማ.ል.ት ኢንጂነር የማነ ታደሰ ብወገኖም ከምዝተዛረብዎ፤ ኣብ 12 ከተማታት ፍሉይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ቓላሚኖ ንምስራሕ ተጀሚሮም ህንፀቶም ንዝተቛረፁ ዳግም ህንፀቶም ንምጅማር ኣድላዪ ምድላው ተዛዚሙ።

እዚ ‘ውን ኣብ ወፃእን ውሽጢ ሃገርን ብዝርከቡ ደገፍቲ እቲ ማሕበር ጋህዲ ከምዝኸውን እምነቶም ገሊፆም። ኣብዚ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ቓላሚኖ ተማሂሮም ናብ ዝተፈላለዩ ዩኒቨርስትታት ኣትዮም ዝለዓለ ውፅኢት ዘምፅኡን ኣብ ስራሕ ዓለም ዝርከቡን ልዕሊ ክልተ ሽሕ ላዕለዎት ሰብ ሞያ ከምዘለዉ ዝገለፁ ድማ ዳይሬክተር ማ.ል.ት ኣይተ ተስፋይ ገብረእግዚኣብሔር ‘ዮም።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ክልላዊ ፈተና 8ይ ክፍሊ 700 ተምሃሮ ልዕሊ 97 ነጥቢ ከምዘምፅኡ ዘዘኻኸሩ እቶም ዳይሬክተር፤ እቶም ተምሃሮ ኣብ ዝተትሓዘ ዘመነ ትምህርቲ ኣብዚ ፍሉይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ስሩዕ ትምህርቶም እናተኸታተሉ ከምዝርከቡ ገሊፆም።



# ስፖርት



## ኣብ ክልል ትግራይ ስፖርት ዳግም ንምንቅቓሕ ፃዕርታት ተጀሚሮም

**መኣርግ ገ/ሄር**



ኣብ ኣትሌቲክስን ብሸክሊታ ስፖርት ኣብ ኦሎምፒክ ሽም ናይ ኢትዮጵያ ዘፀውዑን ፅቡቕ ምስሊ ዝሃነፁን ብርክት ዝበሉ ስፖርተኛታት ካብ ክልል ትግራይ ተረኺቦም ‘ዮም። ኣብ ኩዕሶ እግሪን ካልኦት ስፖርትን ‘ውን ንሃገራዊ ጋንታታት ኢትዮጵያ ወኪሎም ዝተሳተፉ ሓያላት ኣትሌታት ተፈጢሮም ‘ዮም። እዚ ኩነታት ብሰንኪ ኣብ ዝሓለፉ ሒደት ዓመታት ዝተኻየደ ኲናት ደው ኢሉ ፀኒሑ ‘ዩ። ሕዚ ግን ስፖርት ክልልና ናብ ንቡር ንምምላስ ብክልልና፣ መንግስቲ ፌደራልን ዝተፈላለዩ ትካላት ስፖርትን ፃዕሪ ይግበር ኣሎ።

ምስ እዚ ተተሓሒዙ ክሳብ ሕዚ ዝተሰርሑን ቐፂሎም ዝተተለሙን ጉዳያት ብዝምልከት ድማ ኮሚሽነር ስፖርት ክልል ትግራይ ኣቶ ተኸላይ ፍቓዱ፤ ስፖርት ክልልና ናብ ንቡር ንጥፈታቱ ብኸመይ ይምለስ ዝብል ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ከምዝተሰላሰለ ይጠቕሱ። ምስ ‘ዚ ተኣሳሲሩ ብሃገራዊ ማሕበራት ስፖርት ክልልና ዝተዳለዉ ውሑዳት ውድድራት ስፖርት ተስፋ ዘርኣዩ ‘ዮም። ቀፃልነት ንምርግጋፅ ምስ ኣመሓደርቲ ኣካላት እቲ ስፖርት ብምትሕብባር ይሰርሕ ኣሎ። ክልልና ሐዚ ‘ውን ዓብዩ ፋይናንሳዊ ሕፅረት ኣጋጢምዎ እኳ እንተኾነ ብደረጃ ሃገር ኣብ ዝካየዱ ውድድራት ንምስታፍ ዝከኣል ኩሉ ይስራሕ ኣሎ።

ብምኽንያት እቲ ኲናት መሰረተ ልምዓት ስፖርት እቲ ክልል ዓንዩ ‘ዩ። ይኹን እምበር ነቲ ዝነበረ ኩነታት ናብ ንቡር ንምምላስ ኣናተሰርሐ ‘ዩ። ሕዚ ግና እቲ መሰረተ ልምዓት ናብ ንቡር ንምምላስ ምስ ፌደራል መንግስቲ ኣብ ስምምዕ ተበፂሑ ኣሎ። ቀዳምነት ዝወሃቦም ጉዳያት ብምህላዎም ናብ ግብሪ ከምዘይተኣተወ እቶም ኮሚሽነር የረድኡ።

ነቲ ፋይናንሳዊ ፀገም ንምቅራፍ መደባት ምእካብ እቶት ተጀሚሩ እኳ እንተኾነ ናይ ምዝሕሓል ኩነታት ኣሎ ‘ዩ። እዚ ድማ ኣብ መንጎ እቶም መርሃ ግብሪ ዘዳለዉ ወገናት ብዝተፈጠረ ዘይምርድዳእ ከምዝኾነ እቶም ኮሚሽነር የመልክቱ። ብፍላይ ኣብ ተሳተፍቲ ክለባት ስፖርት ኩዕሶ እግሪ ኣብ መስርሕ ምድጋፍ ዝርከብ መርከቢ እቶት መደብ ኣብ ከይዲ ከምዘሎ ይጠቕሱ።

ምክትል ፕረዚደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ጀነራል ፃድቃን ገብረትንሳኤ፤ እቲ ኲናት ካብ ዘስዓቦ በሰላ ንምሕዋይ ዝካየዱ ንጥፈታት ስፖርት ሓደ ከም ምዃኑ እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ደገፉ ከሐይል ኣለዎ ይብሉ። እቲ ኲናት ዘስዓቦ ዕንወት ነቲ ስፖርት ‘ውን ዝፀለዎ እንትኸውን፣ ኣዋዳድብኡ ናይ ምፍራስ፣ መናእሰይ ናብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ናይ ምውፋር ተርእዮታት ከምዘለዉ ይገልፁ። እዚ ዘስዓቦ ስነ-ኣእምሮኣዊ ምዝንባዕ ንምስትኽኻል ንእሽተይ ግዜ የድሊ ‘ዩ። ኮይኑ ግና ማሕበራት ስፖርት ኣብ ምድጋፍ ነቲ ስፖርት ዝመርሑ ኣካላት ብምውዳብ ነቲ ክልል ድጋፍ እናገበሩ ይርከቡ። ፌደሬሽን ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ ዝሰርሖ ዓይነት ስፖርታዊ ምንቅስቓስ ዝፈጥር ‘ዩ። ስለዝኾነ ማሕበራት ስፖርት ኣጠናኺረን ክሰርሓ ፃውዒት ኣቕሪቦም ‘ዮም። ግዝያዊ መንግስቲ ነዚ ምቹው ኩነታት ብምፍጣርን ሰላም ብምርግጋፅን ተወፋይነት ከምዘለዎ ‘ውን ኣብሪሆም።

“ስፖርት ሰላምን ማሕበራዊ ርክባትን ዘዐቢ መሳርሒ ‘ዩ” ዝብሉ ድማ ሚኒስትር ባህልን ስፖርትን እቲ ፌደሬሽን ሚኒስትር ዲኤታ ዘፈር ስፖርት ኣምባሳደር መስፍን ቸርነት ‘ዮም። ብሰንኪ ኲናት ተፈላልዩ ዝፀንሐ ህዝቢ ዝጥርንፍ ዘፈር ስፖርት፣ ኣብ መስርሕ ሰላም፣ ኣብ ዳግመ ህንፀት ዓቢዩ ተራ ዝፃወት ቁልፊ መሳርሒ ምዃኑ ይገልፁ። ከም ገለፃ ሚኒስትር ዲኤታ፣ ስፖርት መናእሰይ ከዓብዩን ተስፈኦም ከሐድሱን ብቑዓት ዜጋታት ክኾኑን ዝሕግዝ ‘ዩ።

ከምቲ ፌደሬሽን ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያን ፌደሬሽን ቅድድም ብሽክለታን ዝገበርዎ ውድድራት ስፖርትን ካልኦት ዋዕላታትን ኣብቲ ክልል ምክያድ ዓብዩ ረብሓ ኣለዎ። ብምዃኑ እቶም ሚኒስትር ኣብዚ መዳይ ብዙሕ ስራሕቲ የካይድ ከምዘሎን ቅድሚ ኣዋርሕ ብሚኒስትር ዝምራሕን መራሕቲ ዝተፈላለያ ማሕበራት ስፖርትን ሓዊሱ ልኡኻት ናብቲ ናይ ስፖርት ቦታታት ዑደት ተኻይዱ ‘ዩ። ምስ መራሕቲ ግዝያዊ ምምሕዳር እቲ ክልል ዘተ ተኻይዱ ‘ዩ። ብዝተኻእለ መጠን ደገፍ ከምዝተገብረ ሚኒስትር ዲኤታ የብርሁ።

እቲ ክልል ብዝተፈላለዩ ስፖርት ንሃገራዊት ጋንታ ብዙሓት ኣትሌታት ብምፍራይ ዝፍለጥ ኮይኑ፣ እዘን ክለባትን ትካላት ስፖርትን ኣብታ ሃገር ኣብ ዝካየድ ውድድራት ናብ ስፖርት ክምለሳ ክኽእላ ይግባእ። ክልልና ካብ ስፖርት ዝሳተፈሉን ተጠቃሚ ዝኽእለሉን ሃዋህው ንምፍጣር ምስ ዝተፈላለያ ማሕበራት ስፖርት ምምኽኻር እናተገብረ ይርከብ።

ንኣብነት ኣብ ፕሪምየር ሊግ ኢትዮጵያ ኣብ ድምቀት ዝነበሩ ክለባት እቲ ክልል ናብ ውድድር ንምምላስ ምስ ፌደሬሽን ኩዕሶ እግሪ ኢትዮጵያ ዘተ ይካየድ ከምዘሎ ሚኒስትር ዲኤታ ይገልፁ። እቶም ሚኒስትር ከምዚ ዓይነት ስራሕቲ ኣብ ምክንዋን እንትኸውን፤ ሃገራዊ ፌደሬሽን ምስቲ ክልል ፌዴሬሽን ኣብ ንዋታዊ፣ ፋይናንሳዊን ካልኦትን ድጋፋት ክሰርሑ ብምግባር ናይ ምኽክርን ክትትልን ስራሕቲ ተጠናኺሩ ዝቕፅል ይኸውን።

ስፖርታዊ ቦታታት ብዝምልከት ዘመናዊ ስታድየም መቐለ ጉድኣት ዝበፅሖ ብምዃኑ፤ እቲ ሚኒስቴር ናብ ንቡር ንምምላስ ምኽረ ሓሳባት ኣቕሪቡ ‘ዩ። በዚ መንገዲ እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ብሓገዝ ኢንቨስተራትን መዳርግቲ ኣካላትን ግዝያዊ ፍታሕ ብምፍጣር እቲ ስታድየም ናብ ኣገልግሎት ክምለስ ሓሳብ ኣቕሪቡ ‘ዩ። ብማሕበረሰብ ደረጃ ዝካየድ ስፖርታዊ ምንቅስቓሳት ስፖርቲ ኣብ ርእሰ ከተማ እታ ክልልን ዞባታትን ምልዕዓላት ስፖርቲ ክካየድን ተግባራዊ ክኾኑን ስራሕቲ ምክትታልን ደገፍን ተጠናኺሮም ከምዝቕፅሉ እቶም ሚኒስትር ዲኤታ ኣብሪሆም ‘ዮም።

## ‹‹ሞባይል ኣዝየ የድልየኒ ነይሩ ኮይኑ ግና ክገዝእ ዓቕሚ ስለ ዘይነበረኒ በዓለይ ክምህዝ ተገዲደ››

**መኣዲ ጥበብ**

-ክብሮም ሓጎስ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ክብሮም ወዲ ዓሰርተ ዓመት እንተሎ ሰባት ብሞባይል ክዘራረቡ እናረኣየ ይግረም ነይሩ። ክገዝእ ድማ ድሌት ነበሮ። ኮይኑ ግና ገንዘብ ስለዘይነበሮ በዓሉ ክሰርሕ ክኢሉ ‘ዩ። ክብሮም ብዛዕባ እዚ ከምዚ ይብል፡- ሓደ ነገር ንምስራሕ መጀመርያ ልዑል ድሌት ክህልወካ ኣለዎ፤ ኣነ ልዑል ድሌት ስለዝነበረኒ ሕዚ ሞባይል በዓለይ ሰሪሐ እጥቀም ኣለኹ። ኣነ ሕዚ ወዲ 18ዓመት ‘የ። ዓስራይ ክፍሊ ድማ እማሃር ኣለኹ። ወዲ ዓሰርተ ዓመት ኮይነ ናብ ከተማ ክሳብ ዝኣቱ ብዛዕባ ኤሌክትሮኒክስ ኣይፈልጥን ነይረ። ንመጀመርታ ግዜ ሰባት ብስልኪ ክዘራረቡ እንተለዉ ኣዝየ እድነቕ ነይረ። ብዛዕባ እዚ እናተደነቕኩ ክነብር ግና ኣይደሉኹን። ብዛዕባ እቲ ዝረኣኽዎ ፍርያት ቴክኖሎጂ ካብ ምሕሳብ ኣቋሪፀ ኣይፈልጥን።

ንመጀመርታ ግዜ ዝረኣኹዎም ፍርያት ቴክኖሎጂ ብዛዕባ ኣሰማትን ኣሰራርሓን ንሰባት ክሓትት ጀመርኩ። እቶም ዝሓቶም ዝነበርኩ ሰባት ብዛዕባ እቶም ፍርያት ቴክኖሎጂ ዝርዝር ኣፍልጦ እኳ እንተዘይነበሮም ብዛዕባ ዝፈልጥዎ ዝተወሰነ ደረጃ ግን መብርሂ ይህቡኒ ነይሮም ‘ዮም። ነቶም ፍርያት ኣርቲፊሻል ምስ ተረዳእኹ መሃዚ ፍርያት ቴክኖሎጂ ንምዃን ኣብ ኣእምሮይ ተቐሪፁኒ። በዓለይ ክሰርሕ ኣዝየ ተሃንጠኹ። ኮይና ግና ከመይ ከም ዝሰርሕ ብዙሕ ኣይፈልጥን ነይረ። በቲ ናይ ቴክኖሎጂ ፍርያት ተሳሒበ መሃዚ ክኸውን ’ኳ እንተነበረኒ ቤተሰበይ ግና እዞም ፍርያት እዚኣቶም ስለዘይነበሮም ነቲ ፍርያት ከመይ ከም ዝሰርሕ ክፈልጥ ይኽእል እምበር ነቲ ፍርያት ክሰርሖ ዝኽእለሉ ዕድል የብሉን ኢሎም ይኣምኑ ነሮም።

ካብ ሽዑ ጀሚሩ ዋላ’ኳ ድሌተይ ንምግሃድ ኣፀጋሚ እንተመሰለ ፍቕርን ናይ ምስራሕ ድሌት ስለዝነበረኒ ክምህዝ ክኢለ ‘የ። መሃዚን



ቴክኖሎጂስትን ምዃነይ ኣይቀረየን። ካብ ንእስነተይ ኣትሒዘ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ኒሕ ስለ ዝነበረኒ ሕጂ ብኢደይ ዝሰራሕኽዋ ሞባይል እጥቀመላ ኣለኹ። ካብ ዕንጨይቲን ኣብ ጥቕሚ ካብ ዝወዓሉን ንብረት እየ ዝጥቀም። ኣነ ኣብ ኣብ ክልል ትግራይ ወረዳ እምባ ኣላጀ ኣብ ገዘመ ዝባሃል ቁሸት ርሑቕ ገጠር ይነብር።

ዝነብረሉ ዓዲ ትሕተ ቅርፂ ፅርግያ፣ ኤሌክትሪክ መብራህቲ፣ ኔትዎርክ ዳርጋ የብሉን። እዚኣቶምን ካልኦት መሰረታዊ ኣገልግሎታትን ኣብ ዘይርከበሉ ቦታን እዋንን ምስ ትምህርቲ ጎኒ ንጎኒ ኣብ ዝግበር ምህዞታት ቴክኖሎጂ ከትኩር ወሲነ። እወ ሞባይል የብለይን። መብራህቲ የለን፣ ኢንተርኔት የለን ብዛዕባ’ቲ ከፍርዮ ዝደሊ ፍርያት ንምድላይ ኮምፒተር ’ውን ኣይፈልጥን’የ። ሕጂ ‘ውን ካብ ዕንጨይትን ካብ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉ ሓፂን መፂንን ነገራት ምፅጋን እየ ቀፂለ። ኣብ ኢደይ ዘሎ ንዋትን ፀጋታትን ተጠቒመ ፍልጠተይ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዝደለኽዎ ሕልሚ ንምትግባርን ዝከኣለኒ ነገር ክፈጥር ፈቲነ ከረጋግፅ ድማ ክኢለ ‘የ።

ኣብቲ እዋን እቲ ካብ ኩሉ ዘሐጎሳኒ ሞባይላት ‘የን ነይረን። እዚ ድማ ዝደልዮ ዝነበርኩ ጉዳይ ‘ዩ። ዋላ ሕፅረት ገንዘብ እንተሃለወኒ ሞባይል ክህልወኒ ኣዝየ እደሊ ነይረ። ሞባይል ንህዝቢ ገጠር ምቾት ዝመልኦ መሳርሒ ስለዝነበረ ኣዝየ ድሌት ነይሩኒ። ስድራይ ሞባይል ክገዝኡለይ ዝኽእልሉ ቁጠባዊ ዓቕሚ ኣይነበሮምን። ኮይኑ ግና ተስፋ ከይቖረፅኩ ወሲነ ስለ ዝፀዓርኩ ዝሐሰብክዎ ኣሳኺዐ ሕጂ ምሉእ ኣገልግሎት እትህብ ሞባይል ወኒነ ኣለኹ። ክብሮም ካልኦት ዝተደርበያ ኤሌክትሮኒክስ ‘ውን መሊሱ ናብ ጥቕሚ የውዕል ‘ዩ። ክሰርሓ ዘይኽእላ ዝተደርበያ ገጣጢሙ ራድዮ ሰሪሑ ‘ዩ።

ሓደ መዓልቲ ኣብ ገጠር ቁሸቱ ብኢዱ ዝሰርሓ ሞባይሉን ሬድዮን እናተጠቐመ ከሎ ካብ ከተማታት ዝመፁ ዝሓልፉ ኣጋይሽ ረኺቦም ክድነቑ ክኢሎም ‘ዮም። ብዕንጨይቲ ዝተሰርሐት ቴሌፎንን ተመሳሳሊት ሬድዮን ክጥቀም ምስ ረኣይዎ ድማ እንታይ ዓይነት ፍርያት ይጥቀም ከምዘሎ ተገሪሙ።

ንሱ ካብ ምንታይን ከመይን ከምዝሰርሖ ነገሮም። ብዛዕባ ዝተቀመሉ ማተርያልን ፍርያትን መብርሂ እንትህቦም ንሳቶም ድማ ተገሪሞም ከመይ ጌሩ ከምኡ ክገብር ከም ዝኸኣለ ሓተትዎ። እቲ ፍርያት ናቱ ምህዞ ምዃኑን ኣብ ከተማታት ብዝረኣዮ ሞባይላት ተበጊሱ ከም ዘፍረዮምን መብርሂ ሃቦም። ናብ ከተማ ዓዲ ሽሁ ወሲዶም ምስ ቤት ፅሕፈት ጉዳይ መናእሰይ ምምሕዳር ወረዳ እምባ ኣላጀ ኣላልዮምዎ ከዱ። ቤት ፅሕፈት ጉዳይ መናእሰይ እቲ ወረዳ ምስ ቢሮ ጉዳይ መናእሰይ ክልል ትግራይ ርክብ ክገብር ሓገዝዎ። በቲ ሰንሰለት ኣቢሉ ድማ ኣብ ቴሌቪዥን ትግራይ ዝመሓላለፍ ኣብ መሃዝነት ውድድር ዘተኮረ መደብ ተሌቪዥን “መደብ መዳይብ” ክወዳደር ተመዝገበ።

ክብሮም ንቴሌቪዥን ትግራይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፣ ብዙሕ ምህዞታት ከም ዘለዎን ኣብ ገጠር ዓዱ ብዘሎ ሃፍትን ንዋትን ናብ ምህዞ ወይ ንብዙሕ ኣጠቓቕማ ዝኸውን ፍርያት ክቐይሮ ይፅዕር ኣሎ። ሕጂ ‘ውን ዓዱ ሓይሊ ኤሌክትሪክን ካልእ መሰረታዊ ኣገልግሎታትን ስለዘይብላ ዝተደርበዩ ነገራት ተጠቒሙ ናብ ፍርያት ንምቕያር ይፅግንን ይእከብን። ‹‹ሓሳባተይ ናብ ፍርያት ንምቕያር ዕንጨይቲ ሓፂንን ካልኦት ቀለልቲ ፍርያትን ተጠቒመ እየ ይብል።››

ስለዚ ሓደ ነገር ክትበፅሖ እንተወሲንካ ክትግንዘቦ ይከኣል ‘ዩ። ሞባይል ካብ ዕዳጋ ከይገዛእኩ ሕልመይ ተሳኺዑ ናብ ምውናን በቒዐ ‘የ። እንኮ ዝገዛእክዋ ነገር ሲም ካርድን ሞባይል ካርድን ‘ዩ። ክብሮም ኣብዚ ሕዚ እዋን ካልኦት ምህዞታት ‘ውን ከምዘለዉዎ ገሊፁ ‘ዩ። ብኢድ ዝተሰርሐት ሬድዮ፣ ስፒከር፣ ሪሞት ኮንትሮል ተጠቂማ ክትበርር እትኽእል ነፋሪት ካብቶም ካልኦት ምህዞታቱ ‘ዮም። “እታ ነፋሪት ቀላልን ንእሽቶን ‘ያ። እንተኾነ ግን ንልዕሊ ሓደ ሰዓት ብዘይምቁራፅ ክትበርር ትኽእል ‘ያ፤ ሪሞት ኮንትሮል ተጠቒመ ክቆፃራ እኽእል ‘የ።›› ዕድል እንተረኺበ ድማ ንዕላማ መጓዓዝያ እትኸውን ተግባራዊት ነፋሪት ክሰርሕ ከሙኩር ‘የ። ክብል ክብሮም ብውዕዉዕ ስምዒት ይዛረብ።